# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.107 ቀዳም 3 ጥሪ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3 ኣገደስቲ እንጾታት



ገጽ 4 ሓደ ጥሪት ቅድምን ድሕርን ምሕራዱ . . .



ገጽ 5 ማሕበር፡ ናይ 2025 ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ኣካይዱ



ገጽ 10 “ካብ ኣለም በቃኝ . . .



ገጽ 11 ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ቀጺሉ


## ደቡብ - መንግስታዊ ስራሓት ብጽፈት ንምዕማም ዝሕግዝ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ትግባረ መንግስታውን ልምዓታውን መደባት ንምዕዛዝ ዝሕግዝ ኣስተምህሮ፡ ካብ 17 ክሳብ 31 ታሕሳስ ኣብ ሽዱሽተ ንኡሳን ዞባታት ተኻዪዱ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተሰፋጽዮን ኣብ ንኡሳን ዞባታት መንደፈራ፡ ማይ-ምኒ፡ ዓዲ-ኳላ፡ እምኒ-ሓይሊ፡ ዓረዛን ደባርዋን ንዘርጥፉ ኣመሓደርቲ ከቢብን ኣባላት ዓድታትን ኣብ ዝሃቦ ኣስተምህሮ፡ ህዝቢ ቡዝሓብኡ ስሉጥ ኣገልግሎት ንኽረኽብ ክተሓናጸ ብዘለዎ ዘለዎ ጻዕሪ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ዞባ ኣስታት 700 ትካላት ትምህርቲ ተዋዲደን ኣገልግሎት ይህባ ምህላወን ብምጥቃሱ፡ ዕድመኦም ንትምህርቲ ዝኣኸለ ቈልዑ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ንኽለኣኹ፡ ከምኡ'ውን ኮማዊ ተሳትፎን ኣበርክቶን ኣብ ምምላእ ሕጽረታት ትካላት ጥዕናን ትምህርቲን ንኸዕዘዙ፡ ኣመሓደርትን ኣባላትን ብዕቱብ ክሰርሑ ተላቢዩ።



ኣቶ ሃብተኣብ ወሲኹ፡ ትሕተ-ቅርጺ ቀረብ ማይ ከምኡ'ውን ናይ ሓመድ ጽርግያታት ብቐጻሊ ክተሓዝ ተማሕጺኑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዝተዋህቦም ኣስተምህሮ ንኣፍልጦኦም ዘበርኽ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ዘካይድዎ ስራሓትን ዘሀብዎ ውሳኔታትን ኣብ መምርሒታትን ኣዋጃትን ዞባዊ ምምሕዳራት ዝተመርኮሰ ንኽኸውን ከምዘሕግዞም ገሊጾም።



ስእሊ. መሪሕ ተስፋይ

ተመሳሳሊ ኣስተምህሮ፡ ካብ 4 ክሳብ 14 ታሕሳስ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ደቀምሓረ፡ ጸሮና፡ ማይ-ዓይኒ፡ ሰገነይቲ፡ ሰገነይቲን ዓዲ-ቋይሕን ከምእተዋህበ ዝዘከር'ዩ።

## ፈጻሚት ሽማግለ ሃኮሰኤ፡ ኣብ ውጥን ስራሕ 2026 ዘትያ

ፈጻሚት ሽማግለ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃኮሰኤ)፡ ብ29ን 30ን ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ምዱብ ዓመታዊ ገምጋም ንጥፈታት 2025 ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ጸብጻብ ክፍልታት ምውዳብ ዝምድናታት ዕዮ፡ ዝምድናታት ወጻኢ፡ ምምሕዳርን ፋይናንስን፡ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ፡ ደቂኣንስትዮ ሰራሕተኛታት፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት፡ ከምኡ'ውን ህዝባዊ ርክባት ዝቐረበሉ ኣኼባ፡ ኣብ ውጥን ስራሕ 2026 ተዘትዩ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ቀጻሪ ዝተወደቡ ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ብ18 ሚእታዊት ከምዝዓበዩ፡ ደረጃ ንቕሓት ሰራሕተኛታትን ኣሰራሕትን ክብ ንምባል፡ ኣብ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ኣተኲሮ ብምግባር ስልጠናታት ከምእተዋህበ፡ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ንምድልዳል፡ ምስ ሓደስቲ ሞያውያን ማሕበራት ዝምድና ንምምስራት፡ ከምኡ'ውን ምስ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ ብወህደት ንምስራሕ ዕወት ተበጺሖታት ከምእተወሰደ፡ ዓቕሚ ኣባላትን ሰራሕተኛታትን ክብ ንምባል ዝዓለመ መደባት ከምእተኻየደ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝተደኮነ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ብሸውዓተ ዓውደ-ሞያታት ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝሰልጠኑ 150 ሰራሕተኛታት ከምእተመረቑ በሪሁ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ምንቅቓሕ፡ ምዕባይ ዓቕምን ሕመረት ምንቅስቓስ ማሕበር ሰራሕተኛታትን ብምትኳር ኣብ ዞባታት ብኣድህቦ ከምእተሰርሐ፡ ደረጃ ንቕሓትን ዓቕምን ደቂኣንስትዮ ኣባላትን ሰራሕተኛታትን ንምሕያል ድማ ወጽኢታዊ ንጥፈታት ከምእተሰላሰለ ተገሊጹ።

ፈጻሚት ሽማግለ ሃኮሰኤ ንዝቐረበ ጸብጻብ ብዕምቈት ድሕሪ ምግምጋም፡ ንውጥን ስራሕ 2026 ዘሀብትም ሓሳባት ኣቕሪባ።



## ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኢጊላ፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ወሲኹ

ኣብ መጀመርታ፡ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ኢጊላ - ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቋይሕ፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዕቤት ከምዘመዝገበ፡ ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ዐሶማን ዓብደላ ናስር ገሊጹ።

ኣብ'ዛ ቤት-ትምህርቲ ቁጽሪ ተመሃሮ ደቂኣንስትዮ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2018/2019 ኣስታት 290 ዝበረ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ናብ 450 ከምዝደየበ፡ ቀጽሪ ትምህርተን ብዓወት ዝዛዘማ'ውን ብዕጽፊ ከምዝወሰኸ ገሊጹ።

መምህር ዐሶማን ወሲኹ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ሓላፍነት ዝርአ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ንምግታእ ዝካየድ ጎስጓሳት ክሕየል፡ እታ ቤት-ትምህርቲ ድማ ህንጻዊ ጸገማ ክፍበረላ ተማሕጺኑ።

## ተጋዳላይ ካሕሳይ ርእሶም ተሰዊኡ

ገዲም ተጋዳላይ ካሕሳይ ርእሶም ዘርኡ፡ ብ31 ታሕሳስ 2025 ኣብ ማብል 77 ዓመት ዕድሜኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ መጋቢት 1975 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ካሕሳይ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ኣሃዱታት ከቢድ ብረትን ኮሚሽን ሕርሻን፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ተጋዳላይ ካሕሳይ ርእሶም፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቂን'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብሓሙስ 1 ጥሪ 2026 ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብምስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ካሕሳይ ርእሶም ዘርኣ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ይምነ።

## ዜና

# ማእከል - ካብ ዝተወጠኑ መደባት 87 ሚእታዊት ተተግቢሮም

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ን2025 ተወጢኖም ካብ ዝነበሩ መደባት 87 ሚእታዊት ከም ዝተተግበሩ፡ ብ30ን 31ን ታሕሳስ ኣብ ዘካየዶ ዓመታዊ ገምጋም ገለጸ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ማይን ሓመድን ምዕቃብ፡ ሕርሻዊ ልምዓትን እቶታውነትን ምድንፋዕ፡ ናይ ሓመድን ቅጥራንን ጽርግያታት ምስራሕን ምጽጋንን፡ ፕሮጀክትታት ማይ ምውዳድን ምጽጋንን፡ ስሩዕንታዊ ቅርስታትን ቦታታትን ምዕቃብ፡ ሓደስትን ዝተመሓየሹን ህንጻታትን ትሕተ-ቅርጻን ምፍታሽን ምጽዳቕን፡ ትግበረን ብቐዓትን ፕሮጀክትታት ምክትታል፡ ከምኡ'ውን ብቑዕ ስርዓት-ሓበሬታ ህዝቢ ምውዳድ ዝርከቦ መደባት ከም ዝተሰላሰለ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዝርአ ሕጽረታት ንምቕላል ዝተወስደ ስጉምትታትን ዘጋጥሙ ዓቕምታት መንእሰያት ንምሕያል ዝተኻየደ ስልጠናታት፣ ቀረብ ዝስተ ማይ ሱበን ጥራትን ንምውሓስ ዝተዓመ ስራሕ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምውጋድ ሓሰይቲ ልምድታት ኣተባባዒ ስራሕ ከም ዝተዓመ በሪሁ።




ስእሊ ሮቤል መረሰዕ

ተጋጺኡ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ብደረጃ ዞባ ተወጢኖም ዘይተተግበሩ ኣገደስቲ መደባት ክቕላጠፉ፣ ሸግር ህዝባዊ መጓዓዝያ ፍታሕ ክናደየሉ፣ ዘይተሃደሙ ቢንቶታት ክህደሙ፣ ኣድማዕነት ሰራሕተኛታት ዘዕቢ ስልጠናታት ክዉም ኣድላይነቱ ክውደብ፣ ጉዳእቲ ወልፍታትን ልምድታትን ንምውጋድ ብዝበለጸ ክስራሕ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ህዝቢ ዝተኩረ ግሳዓት ክሕይል ዝብል ርእይቶታት ሂቦም።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ኣብ ዝሆ መዛዘሚ ቃሉ፡ ኣብ ትግባረ ናይ'ቲ መደባት ንዝነበረ ብልጫታትን ድኻማትን ንምፍታሕ ዝተወስደ ስጉምትታትን ብምጥቃስ፡ ኣብ 2026 ክትግበር ዝተወጠነ መደባት ብዝርዝር ኣቕሪቡ።

# ፎሮ - ውጽኢት መደብ 'ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ'

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ እቶት ንምስሳን ብመደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ወጽኢታዊ ስራሕ ይሰላሰል ከም ዘሎ ተገለጸ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፋይ ተወልደ ንኤረና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መደብ ዓሚ ብውሑዳት ሓረስቶት ከም ዝተፈተነ፣ ሎሚ ዓመት ግና ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን ብምዕዳል ኣብ ሓሙሽተ ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ኣስታት 430 ቃጽያታት ከም ዝተዘርአን ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዘሎን ኣረዲኡ።

ክረምቲ ባሕሪ ብምድንጓዩ ክዝራእ ዝተወጠነ ብምልኡ'ኳ እንተዘይተዘርአ፣ ኣብ ዓዲ ዐማሮ ዝተዘርአ ኣብ ደረጃ ምሽዋት፣ ኣብ ከባቢ ዙላ፡ ኣፍታ፡ ኣይሮማለን ሮብርቢያን ድማ ኣብ ምስጋን ከም ዝበጽሐ ሓቢሩ።

ክኢላ ምርባሕ እንስሳ ኣቶ ዓብደላ ዐስማን ብወገኑ፡ እቲ መደብ ኣካል ናይ'ቲ "ውሑስ መኣዝዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ" ዝብል ስትራተጂ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኳ-ኹ ምርባሕ ደርሁን ንህቢን ንምትእትታው ጨቃዊት ከም ዝተዓደላን ንኣርባሕቲ ንህቢ ስልጠና ከም ዝተወሃበን ኣዘኪሩ።

ሎሚ ዓመት ምድንጓይ ክረምቲ ብደሆ'ኳ እንተኾነ፡ ሓረስቶት ብሓፈሻ ሓረስቶት ዓዲ ዐማሮ ድማ ብፍላይ ብዙራ እናስተዩ ነቲ መደብ ንምዕዋቱ ሓያል ጻዕሪ ከም ዝቶቀዩ ብምግላጽ፡ ሓረስቶት ንዝወፃብ መምርሒ ብግቡእ ክኽተሉ ተላቢዩ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ መሳብርኦም ንምምሕያሽ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝቕየዶ ዘሎ ጻዕሪ ብምምጓስ፡ መምርሒን ምኽርን ሰብ ሞያ ሕርሻ ስለዝተኸተሉ ከም ዝተዓወቱ፣ ምህርቶም ብዝበለጸ ንምስሳን ድማ ጻዕርታቶም ከም ዝሕይሉ ሓቢሮም።



ቀዳማይ እብረ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ዝተዓበዐ ኮይኑ ስለዝተረኽበ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ኣሕምልቲ፡ ጥረታትን ኣእካልን ንምዝራእ ምድላዋት ይግበር ከም ዘሎ፡ ካብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

# ዓዲ ቐይሕ - ደገፍ ንስድራ ስዉኣት

ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ፡ ን4 ስድራ ስውኣት ናይ ንኡስ ድኳን (ኪዮስክ) ን ዋጋ ሓሙሽተ ሽሕ ኣስቤዛን ደገፍ ከም ዝተገብረ፡ ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ መድሃኒት ግርማይ ገሊጻ።

እተን ደገፍ ዝተገብረለን ስድራቤታት ብምምሕዳር ዝተለለየ ምኽንያን ብምሕባር፡ ኣብ መካብሮአን ለውጢ ከምጽኣ ትጽቢት ከም ዝግበረለን ሓቢራ።

ብዘይካ'ዚ፡ ስሙ ክግለጽ ዘይደለየ ነባሪ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ፡ ነተን ስድራ-ቤታት ንክፍሲ-ወከፈን ዋጋ 2,500 ናቕፋ ናይ ድኳን ኣስቤዛ ከም ዝዘርከበ፡ እቲ ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣፍሊጡ።



# ኣስመራ - ሙዚቃዊ ምርኢት ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት

ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን - ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሸሞንጎለ ቦሎት፡ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2026 ዝወደቦ ስሩዕ ሙዚቃዊ ምርኢት፡ ብ31 ታሕሳስ ምሸት ኣብ ከተማ ኣስመራ - ቀጽሪ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ቀሪቡ።

እቲ ብኣገልግሎት ቴለቪዥን ኤርትራ ንልዕሊ ክልተ ሰዓታት ብቐጥታ ዝተፈነወ መሰናድኦ፡ ንባህላዊ ብዙሕነትና፡ ንመንነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ንምምጻእ ሓድሽ ዓመትን ካልእን ዘንጸባርቑ ትሕዝቶታት መዚቃ፡ ግጥሚን መዚቃዊ ድራማን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ምርኢት፡ ካብ ጉጅለታት ባህሊ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ሚኒስትሪ ትምህርትን ሃማመተኤን ዝተዋጽኡ መዚቀኛታት፡ ከምኡ'ውን ጉጅለታት ትልሂት ሚራስን ሰሂን ናይ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ካልኦት ስሩዓትን ተሳቲፎም።


ስእሊ ኣብርሃም በየነ


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣገደስቲ እንዶታት 4

### ንዕዉት ጉዕዞ ትምህርቲ

*ተመሃሮ ዕዉታት ክኾኑ ዘዘውትሩዎ ልምድታት ኣሎዎም። ነዚ ልምድታት ብምጥቃም፡ ካልኦት ተመሃሮ ክዕወቱ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ ብተኸታተሊ ዝቐርብ፡ ካብ ልምድታት ዕዉታት ተመሃሮ ተመርኩሱ ዝተኣከበ እንዶታት፡ ብዙሕ ክትጥቀሙ ተስፋና እዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ክፋል፡ ንሓድሽ ዓመትን ኣብ ዕድመና ክንገብሮ እንኽእል ኣበርክቶን ዝምልከት፡ **ኢልሃም ፈረጅ** ዝለኣኸትልና ጽሑፍ ከነቕርብ ኢና። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም፡ ንስሩዕነት ዝምልከት ጽሑፍ ንሎሚ ከነቕርቦ ምኺንና ሓቢርና ነይርና፣ ንዝመጽእ ሕታም ከነቕርቦ ኢና። ኣብ ዝመጽእ ናትኩም ተመኩሮ ክትልእኩልና'ውን ክንጽበ ኢና።*

ልደት ፈረንጂ ኣዕሪፍና ውዒልና። ንጽባሓይቱ ንያኔት ክረኽባ ብዙሕ ተሃዊኸ፣ ናይዛ ሓደ መዓልቲ ዝተፈላለናላ ብዙሕ ናፊቐያ። ያኔት ዘይኣመላ ደንጕያ ስለ ዝመጽኣት ተሃን ናፍቖትና ከየውጻእና ናይ ፊዚክስ መምህር ናብ ክፍልና ኣትዩ። ሰሌዳ ብጽሒፈት ምልእ ኣቢሉ ምጽሓፍ ቅድድም ኰይኑ። ንሕና ከኣ ሕሹኽሽኹ ክንብል ጀሚርና።

"እንታይ ደኣ ናይ ሓድሽ ዓመት ህያብ ክትገዝእለይ ዲኺ ደንጕኺ?" ተዋዘኹዋ።

"እዋይ፡ ዘርከበስ ኣድጊ ስርቂ ይሕሉ፡ መንከ ዘኪሩዎ ኢልኪዮ ኢኺ። እምበኣር ሕጂ ከኣ ሓድሽ ዓመት መጺኡ?"

"ክመጽእ'ዩ እምበር እንታይ ደኣ ደሊኺ። ግዜ ካብ መዓስ ደው ኢሉ ወይ ንድሕሪት ገጹ ተመሊሱ ይፈልጥ?"

"ሕጂ ከኣ ዕድመና ሓደ ዓመት ይውስኽ ኣሎ ማለት'ዩ'ኮ። ሓደ ሓደ ግዜስ ኣብዛ ዕድመናስ እንታይ ኢና ገይርና? እናበልኩ እሓስብ'የ ኤሉ። 15 – 16 ዓመት ገይርና ኣለና። እንታይ ኢና ገይርናሉ?"

"ንምሃር ኣለና ጓለይ! እንታይ ዘይወሰኽና ኢኺ ደሊኺ? በስ ንምሃር ኣለና።"

"ንመሃርሲ'ወ ኣለና። ግን ኣብዚ ዕድመናስ ካልእ ክንገብር ኣይምኸኣልናንዶ?"

መምህርና ናይቲ ንሰኑይ ከነቕርቦ ዝሃበና ፕሮጀክት ሓበሬት ክህብ ስለ ዝጀመረ፡ ኣይመለስኩላን። ኣብ ሓንቲ ጉጅለ ካብ ኣርባዕተ ንላዕሊ ክንበዝሕ ከም ዘይብልና'ኳ እንተ ሓበረና፡ ንሕና ግን ፕሮጀክትና በበይንና ኢና ክንሰርሕ መሪጽና። ያኔት መሓዛይ "20 ከይመላእኪ ክትመቲ ኢኺ፡" ከም ዝተባህለት ነዚ ዕድመናን ዘበጻሕናዮን ኣነኣኢሳቶ። መምህርና እናተዛረበ ኣነ ኣብ ሓሳብ'የ ኣትየ። "ካብዚ ንገብሮ ዘለና ንላዕሊስ እንታይ ዘይገበርና እያ ደልያ?" እናበልኩ ኣብ ሓሳብ ተሸመምኩ።

"ንስኺ ናይ መን ኢኺ ተጽንዒ ዘለኺ?" በለትኒ ያኔታ።

"ናይ ሮበርት ቦይል... ሕግታት ቦይል ትዝክርዮም ዲኺ? ሮበርት ቦይል ኣብ ኣየርላንድ ብ25 ጥሪ 1627 ተወሊዱ። እቲ ዝነኣሰ ካብቶም ዓሰርተ ኣርባዕተ ኣሕዋቱ'ዩ። ኣቦኡ ሓደ ካብቶም ዝሃብተሙ ሰብኡት ዓባይ ብርጣንያ ነይሩ። ጸጋ ኣቦኡ ብዙሕ ዕድላት ከፊቱሉ። ነቲ ናይ ሸው ዝበለጸ ትምህርቲ ከሲብሉ፡ መጀመርታ ኣብ ኢልቶን ዝብሃል ቦታ ተማሂሩ። ጸኒሑ ምስ ፍራንሲስ ሓዉን ናይ ገዛ መምህሮምን ብምኳን ንትምህርቲ ንኤዉሮጳ ኩሊሎማ። ፍልስፍና፡ ሃይማኖት፡ ቋንቋን ስነ ቍጽርን ተማሂሩ። ብዘይካኡ ናይ ቤከን፡ ደስካርተስን ጋሊለዮን ትምህርቲ ተኸታቲሉ፣ ብዝያዳ ከኣ ነቲ ሓድሽ ትምህርቲ ፊዚክስ። ቦይል ኣድህቦኡ ኣብ ኬምስትሪ ነይሩ። ተመራመርቲ ፊዚክስ ብሓደስቲ ምርምራት ኣየርን ሻኩምን፡ ምንቅስቓስ ፕላኔታትን ስርዓተ ዙረት ደምን ልዕሊ እቶም ፈላጣት ኣልኬሚ ንልቢ ቦይል ሰሪቖሞ። ትምህርቲ ከምዚ ሎሚ ኣብ ገዛኻ ኴንካ ዘይኩነ፡ ዓዲ ዓዲ፡ ገዳመ ገዳም እናኸድካ'ዩ ዝነበረ። ቦይል ካብ ሃብታም ስድራ ስለ ዝተወልደ፡ ነቲ ናይ ፍልጠት ሸውሃቱ እናገሸ ክርውዮ ክኢሉ። 30 ዓመት ከይመልአ ከኣ ኣብ ኵሎም ስነ ፍልጠተኛታት ብርጣንያ ዝተፈልጠ ኰይኑ።"

"ርኢኺ፡ ከምዚ'የ ዘበልኩኺ...፣ 30 ዓመት ከይመላእና ኣብዚ ደረጃ ንበጽሕዶ? ናተይ ከኣ ናይ ኣምፒር እያ። ኣምፒር ብንእሽቶኡ ዘየንበቦ መጽሓፍ ኣይነበረን። ኣብ ናይ ኣቦኡ ቤት ንባብ ዝነበረ መጽሓፍቲ ኣንቢቡ ወዲኡዎ። ገና ብንእሱ ባዕሉ ተማሂሩስ ክምህር ጀሚሩ። እንታይ ትብሊዮ'ዚ?"

"ህርትዝ እዚ ንፍሪኳሲ እንዕቅነሉ ኣሃዱ ናይ ዳዊት መጽናዕቲ እዩ። መሊስኪ ምእንታን ክትግረሚ፡ ኣብ 22 – 23 ዓመቱ ናይ ዶክትሬት ማዕርግ ተቐቢሉ፡" በልኩዋ። ሉና ስቕ ኢላ ክትሰምዓና ጸኒሓ፡ "ናተይ ከኣ በላ ፊሎ ፋርንስዎርዝ'ዩ ዝብሃል። ኣብ ኤለክትሪክሲቲ ዘይተኣደነ ኣበርክቶ ዘሎዎ እዩ። ገና ኮተቴ እንከሎ ዘተጓሕፈት ጀነሬተር ኣዐርዩ ንኣደኡ ትሕግዝ ሓጻቢት ኣቑሑት ማሽን ሰሪሑላ። ኣብ ክፍሉ ንመምህሩ ዝሰኣለላ 'ኤለክትሪክ ቱብ' ከኣ ኣገዳሲት፡ ብዓይነታ ፍልይትን ናይ መጀመርታን ብምንባራ፡ ሓደ ትካል ፈነወ ሬድዮ ካብኡ ዓዲጉዋ...፡" በለትና።

"ክፍልና ምልእቲ ታሪኽ ብዙሓት ስነ ፍልጠተኛታት ሒዛ ኣላ። ኵሎም እንተ ዘዕልሉና፡ ክንዳና እንከለው ብዙሕ ዝፈለጡ፡ ገለኦምሲ ኣረ ንዓለም ዝቐየሩ ርኽበታት ዘጽንዑ እዮም። ንሕናኸ ኣብዚ ዕድመና'ዚ እንታይ ገይርና? 'ንምሃር ኣለና' እንዲኺ ኢልኪ ኤሉ፡ ጓል 30 ምስ ኩንኪ 'ዓለም ዝቕይር ሓሳብ ከምጽእ እየ' ኢልኪ ትሓስቢ?"

"ፈተነ ደኣ ይብሃል...! ሓቕኺ ኢኺ ያኔታ፣ ግን እንተወሓደ ዘዕግብ ነጥቢ ኣምጺአ ኣብቲ ባህ ዘብለኒ ኮለጅ ክመሃር ማራ ባህጊ ኣሎኒ። እዚኣ እኽልቲ መበገሲት'ያ ንዓይ።" ኮኾብ ብቕድሚና ኮፍ ዝበል መማህርትና እዩ። እዚ ኵሉ ክንበሃሃል ክሰምዓና'ዩ ጸኒሑ። ሕቑኡ ጠውዩ፡ "እዚ ዕላልክን'ምበር ደስ ኢሉኒ። ሓንቲ ሓሳብ እንተ ወሰኽኩ ከመይ ይመስለክን?" በለና። ንሕና ከኣ "ተፈደል!" በልናዮ ብሓባር።

"ክልተኽን ጽቡቕ ኣለኽን። ግን ንመጻኢ ህይወትና ክንፈልጦ ኣይንኽልን ኢና። ግና ንእኡ ዝኸውን ጽቡቕ መሰረት ከነንጽፈሉ ንኽእል ኢና። ገዛ ክሰራሕ እንከሎ ተስተብህላዶ? ፖላሶን ሓደ ተራ ገዛን መሰረቶም ሓደ ኣይኰነን። ንተራ ገዛ ተራ መሰረት ኢኻ ትገብረሉ። ንሓደ ፖላሶ ከኣ ንእኡ ዝጸወር ወይ ደው ኣቢሉ ዘቑም ትርንዕ ዝበለ መሰረት ትገብረሉ። እታ ጽባሕ ክንበጽሓ እንኽእል ኣምላኽ ሒዙዋ ኣሎ። ነታ መሰረት ግን ጽቡቕ ኣሎ ሕማቕ ኣሎ ኣተርንዕ ኣቢልና ክንሰርሓ'ዩ ዘሓይሽ፡" ብምባል፡ ካብኡ ንጽበዮ ኣይንኹን እምበር ጽቡቕ መተዓረቒ ነጥቢ ሃበና። ሳሮን'ውን ኮፍ መባህልቲ ኮኾብ እያ። "ጻቕጥ" ኢና ንብላ። ከምዞም ተጸቒጦም ዘይፍለጡ፡ ግን ከኣ ፈተና ትም ኢሎም ዘደፍኑዎ እያ።

"ኣነ'ውን ንእሽተይ ክውስኸላ...፡" ኢላ ተሓወሰትና። "ሰብ እቲ ክገብሮ ዝኽእል'ዩ ዝገብር። ጽባሕ እንታይ ክንከውን ኢና ፈጣሪ ሒዙዎ ኣሎ። ኣነ ብምህድስና ህንጻ፡ ንስኺ ስነ ሕብረተሰብ፡ እዚ ብንግዲ፡ ... ዲግሪ ክንሰቅል ንሓስብ ንኸውን። ተማሂርና፡ ህይወትና ግን ኣንጻር እቲ ዝሓሰብናዮ ክትከውን ትኽእል እያ። ኵሉ ሳዕ ግን ሓደ ዘይንሰግሮ ሓቂ ኣሎ፡ ጽባሕ ናትና ካብ ዘይኰነት ንሎሚ በቲ ክንኩኖ ዝግብኣና ክንሓልፉ ጥራይ'ዩ ዘሎና። ንሎሚ ኵሉ ግዜ ብቑዓት ኴንና ክንሓልፉ ኣሎና። እታ ብርግጽ እንዛረበላ ናትና እንብላ መዓልቲ፡ ሎሚ እያ። ንሎሚ ብቑዓት ኴንና ጥራይ ንኺድ እምበር፡ ገና ብሕጂ 80 ዓመት ይጽበየና ኣሎ፣ ተስፋ ዘቍርጽ ምኽንያት የብልናን።"

"ወይዛ ጻቕጥ! ከመይ ዝበለት ዲያ!" በልኩ ብልበይ። ብልሳነይ ግን "ኣዝየ'የ ዘመስግነኩም፡ ናይ ዓመትና ስንቂ ወሲድና ብሓቂ፡" ኢለዮም። ሉና ከኣ፡ "ናኣይሲ ናይ ህይወተይ እዩ። ከምዚ ተዕልሉ ኣይመስለንን ነይሩ። ድሕሪ ሕጂ ካባኹም ኣይፍለን'የ፡" በለት።

"ኤእ መሓዙትክስ ኣይትግደፊ ደኣ... ግን ዓርቢ ዓርቢ ተራኺብና ንዘራረበላ ናይ ሓሳባት ክለብ ዘይንገብር?" በለት ያኔት። ተሰማማዕና ድማ።

ኢልሃም ፈረጅ - ከረን



## ድሕነት ሰብ ብመጽለሊ



ዕንክሊል፡ ላማን ክዳንን ካብቲ ቀዳሞት ወዲ ሰብ ዝረብሐሉ፡ ህይወቱ ብውሑስ መገዲ ክትቅጽል ካብ ዘኽኣሎ ነገራት እዩ። ሰብ ነዚ ኵሉ ነገራት ምሉእ መዓልቲ ሒዙዎ ይኸይድ ድዩ ነይሩ? ኣይኰነን። ሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ንህይወት ቀላል ንምግባራ ካብ ምጽዓር ዓዲ ኣይወዓለን። ህይወት ከቕልሉ እንክብሉ፡ ንኽንደይ ርኽበታትን ምህዞታትን ዝሃቡና ስነ ፍልጠተኛታት ውጽኢቱ እዮም። ናይቲ ግዜ ሰብ ከኣ ንኹሉ ንብረቶም ሒዞም ክጉዩ ኣይነብሩን እዮም። ነታ ህይወቶም ንምቕላል ክበላሓቱ ነይሩዎም።

ነዚ ብድሆ ንምፍታሕ ብዛዕባ መጽለሊ ምሕሳብ ግድን ኰነ። መጽለሊ ከምቲ ካልእ ሰብ ዝሓሰቦ ዓበይቲ ናይ በይኑ ሓሳብ ኣይኰነን። ኵሎም እንስሳታት'ውን መሕብኢ ዝኹኖም ዝምችኦም ቦታ ክረኽቡ ይጽዕሩ እዮም። ቀዳሞት ደቂ ሰብ ከኣ ዝምችኦም መጽለሊ፡ መሕብኢ ደቆምን መኽዘኒ ቀለቦምን ዝኾኖም ቦታ ንምርካብ ሃሰው ይብሉ ነበሩ። ከም ኣዕዋፍ ኣብ ኣግራብ ሰፈሮም ክሰርሑ ሓሲቦም ይኾኑ፣ ከም ኣዛብእ ጉዳጉዲ ክፍሕሩ ሓሲቦም ይኾኑ፣ ... መወዳእታኡ ግን ምስ ኣፈጣጥራኦም ዝሳነ፡ ዝመችእ ምርጫ በዓቲ ኰይኑ ረኺቦሞ።

ቅድሚ 2.6 ሚልዮን ዓመታት ብእኩብ ዝነብሩ ሰብ፡ መግቦምን ኣቑሑቶምን፡ ኣብ ጓንጓታት ክእክቡ ከም ዝጀመሩ ዝገልጽ ኣሰር ኣሎ። ቅድሚ 800 ሽሕ ዓመታት ሓውን መጋርያን ተኣታትዩ። ኣብ ቴራ ኣማታ - ፈረንሳ - ዝተረኽበ ስነ ጥንታዊ ጭብጢ ከም ዘመልክቶ፡ ወዲ ሰብ መጽለሊ ክጥቀም ካብ ዝጀምር 400,000 ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። ደቂ ሰብ መጽለሊ ብምስራሕ ኣብ ከባቢኦም ተነቀፍቲ ካብ ምኻን ክድሕኑ ከለው፡ ንዝኸፈአ ኩነታት ክሰግሩ'ውን ከኣሉ።

(ምንጪ፡ Smithsonian.)

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ውሑድ ኢና እንፈልጥ፣ ገና ብዙሕ ከም እንፈልጥ ንድነቕ። ንእሽተይ ፍልጠት ክንድ'ዚ ሓይሊ ይህብ ምኺኑ ከኣ መሊሱ'ዩ ዘደንቕ።"

- በርትራድ ሩዘል

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ሓደ ጥሪት ቅድምን ድሕርን ምሕራዱ ኵነታት ጥዕናኡ ብኸመይ ንፍትሸ?



### ቅድሚ ሕርዲ

ሓደ እንስሳ ቅድሚ ምሕራዱ ጥዑይ ድዩ ኣይኰነን ከነለልየሉ እንኽእል ብዙሕ ረቛሒታት ኣሎ። ሓደ እንስሳ ካብ ዕዳጋ ክነምጽኦ ወይ ክንመርጾ እንከለና፡ ከም ተመገብቲ መጠን እቲ ቀዳማይ ከነረጋግጾ ዘለና ነገር፡ ኣተናፍሳ ናይ'ቲ እንስሳ ከመይ ከም ዘሎ'ዩ። ይደፍኦ ድዩ ዘሎ ወይስ ንቡር'ዩ ዘተንፍስ ዘሎ ክነስተብህለሉ ኣለና። ጸረርታ ካብ ዓይኑ ወይ ኣፍንጭኡ፡ ናይ ውጽኣት ምልክት፡ ቀርበቱ ከመይ ኣሎ? ናይ ቁስሊ ምልክት ከይህሉ ወይ ከፋታት ኣሎዎ ድዩ የብሉን? ብግቡእ ክንርእዮ ኣሎንና። ብተወሳኺ ናይ ሰዓል ምልክታት ከይህልዎ'ውን ምርግጋጽ ኣገዳሲ'ዩ። ዘይንቡር መንፋሕቲ፡ ጭንቀት ዘስዕበሎም፣ ባህሪ ናይ'ቲ እንስሳ ቁጡዕ ድዩ ወይ ፈዛዝ … ቁጡዕ እንተኾይኑ ወይ ኣመና እንተ ፈዚዙ ገለ ጸገም ኣሎዎ ማለት'ዩ። ቅድሚ ማሕረዲ፡ እዘን ዝተጠቕሳ ምልክታት ንርኢ። ሽልል ከይበልና ድማ ንፍትሸ።

### ኣብ እዋን ሕርዲ

እቲ ዝሕረድ ጥሪት ካብ ዕዳጋ ዓዲግና ዘምጻእናዮ እንተኾይኑ፡ ኣብ ቤትና ምስ ወሰድናዮ ግድን ዕረፍቲ ክንህቦ ኣለና። ብውሑዱ ካብ 10-12 ሰዓት ግቡእ ዕረፍቲ ረኺቡ፡ ተዛንዩ ኣብ ማሕረድቲ እንተ ኣተወ ተመራጺ'ዩ። ምስ ድኻሞምን ጭንቀቶምን ምስ እንሓርዶም ኣብ ብቕዓት ናይ'ቲ ስጋ ኣሉታዊ ጽልዋ ይገብር'ዩ።

ናብ ሕርዲ ምስ እንመጽእ ድማ ፈለማ እቲ ወናኒ እንስሳ ወይ ሓራዳይ፡ ጽሬቱ ሓልዩ በጃ ኽዳን ለቢሱ መሳርሒታቱ፡ ካራ፡ መብረድ፡ ጽሬቱ ኣዋዲዱ ክጸንሕ ኣለዎ። ጥሪት ዝሕረደሉ ኣከባቢ ካብ ደሮናን ካልእ በካሊ ነገራት ናጻ ክኸውን ስለዝግባእ፡ ብእተኻእለ መጠን ሽፉን እንተኾነ ተመራጺ'ዩ። ማይ ቀንዲ መንጽሂ መሳርሒ ስለ ዝኾነ፡ ብዘይ ቁጠባ ከይበቐቕና ክንጥቀመሉ ምእንቲ፡ ዝኣክል ብዝሒ ክንቅርብ ኣሎና። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሕርዲ ማይ ምፍሳስ ከነቋርጽ የብልናን። ኮታስ ክሳዕ መወዳእታ መስርሕ ሕርዲ፡ ዝግባእ ናይ ጽሬት መስርሕ ክንሕሉ ይግባእ።

ቀጺልና፡ እቲ እንስሳ ም ስተሓርደ፡ ግቡእ ናይ ምድማይ ግዜ ክንህቦ የድሊ። እቲ ደም ዝዒጉ ምሉእ ብምሉእ ክሳዕ ዝወጽእ ዝኣክል ግዜ ክንህቦ ይግባእ። ጥቕሚ ናይ'ዚ፡ ደም ቀዳማይ ባይታ ናይ ደቀቕቲ ነፍሳት ወይ ታህዋስያን ስለ ዝኾነ፡ ካብቲ ደም ናብ ስጋ ዝኾነ ታህዋስያን ከይሓልፍ፡ ምስቲ ደም ከም ዝጠፍኡ ንምግባር'ዩ። ካልኣይ ደም ብግቡእ እንተ ዘይወጺኡ፡ ዓይነት ስጋ ይደርቕ፡ ንኽትሕይኾ ኵነ ክትበልዖ ምቹእ ኣይከውንን። ስለዚ ነዘን ክልተ ረቛሒታት ንምንካይ ናይ መድመይቲ ግዜ ምሕላው ኣገዳሲ'ዩ። ብሃወኽ ወይ ካልእ ዝሕረድ ኣሎኒ ኢልካ ተብ-ተብ እናበልካ ክኸውን የብሉን።

### ድሕሪ ሕርዲ

ብድሕር'ዚ፡ ሓደ እንስሳ ቅድሚ ሕርዲ ጥዑይ'ዩ፡ ብቑዕ'ዩ ኢልና ምስ ሓረድናዮ፡ ኣብዚ መስርሕ ውሽጡ ምስ ከፈትናዮ፡ ንኣብነት መልሓስ፡ ስጋ ከመይ ኣሎ ሕብሩ፡ ልቢ፡ ሳንቡእ፡ ኩብዲ ኩሉ እቲ ክፍሊ ኣካል ይኹን ስጋ፡ ኮታስ ምሉእ ኣካሉን ኣቃውማኡን ከመይ ከም ዘሎ ብግቡእ ክንርእዮ ኣሎና። ኣብነት፥ ሳንቡእ ሕበጥ ወይ ጥረ መሳሊ ነገር ኣለዎ ድዩ የብሉን ብኢድና ሃሰስ ኢልና ንፍትሽ። እንተሃልይዎ ኣብ ኢድና ክስመዓና'ዩ። ሳንቡእ ከም ዝሓመመተ ምልክት እንተርኢና ኩላ ትእለ። ኣብ ሳንቡእ ዝበዘሐ ግዜ ኣብ ሎቀታኣ ፈሳሲ ይመልእ'ዩ፤ እዚ ድማ ንጥዕና ወዲ ሰብ ሓደገኛ'ዩ። ካልእ ኣብ ሳንቡእ ቀጠልያ ወይ ናብ ቀጠልያ ዝዘንበለ ሕብሪ ምስ እንርኢ ናይ ሕማም ቲቢ ምልክት ዓባይ ሰዓል ክኸውን ስለዝኽእል፡ ነቲ ዝሓመመ ክፍሊ ኣካል ሳንቡእ ክንኣልዮ ኣለና። ቀጺልና ኩብዲ ከምቲ ንፈልጦ፡ ቡናዊ ሕብሪ'ዩ ዘለዎ። ካብዚ ወጻኢ ዘይንቡር ሕብሪ ወይ ግዝፊ እንተርኢና ክንጠራጠር ኣለና። ከም ኣብ ሳንቡእ ኣብ ኩብዲ'ውን ጻዕዳ ሎቑታ ይጸንሑ'ዮም። ስለዚ ኩብዲ ከፊትና ክንፍትሽ ኣለና። ካልእ ነታ ኩብዲ ምስ ከፈትናያ፡ ኣብ መትንታት ናይ'ቲ ደም፡ ሽልሕ ዝበሉ ቀጠልያ ጽግዕተኛታት ሓሳኹ እንተርኢና፡ ሓደገኛታት ስለ ዝኾኑ፡ ክንኣልዮ እዩ ዘለና። ኣብ መልሓስ'ውን ሙግሊ መሳሊ ወይ ብጫ ፈሳሲ እንተርኢና ክንኣልዮ እዩ ዘሎና። ኣብ ሳንቡእን ኩብድን እንተረኺብና'ውን ብተመሳሳሊ ክንኣልዮ ይግባእ።

ኣብዞም ክግለጹ ዝጸንሑ ኣካላት ናይ ሕማም ምልክታት እንተ ተራእዩ፡ ነቲ ካልእ ክፉል ስጋኸ ኣይጸልዎንዶ ዝብል ሕቶ ክስዕብ ምኳኑ ፍሉጥ'ዩ። እቲ ኵነታት ይፈላለ እዩ። ኣብቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ሕማም'ዩ ዝምርኰስ። ነቲ ዝተተንከፈ ክፍሊ ኣካል ጥራይ ንጉሒፈሉ ኣጋጣሚ ኣሎ። ንብምሉኡ እቲ ስጋ ክንጉሕፎ እንግደደሉ እዋን'ውን ኣሎ። ኣብነት፥ ብጽግዕተኛታት ዝመጽእ ሕማማት፡ ማለት ሓሳኹ እንተ ጸኒሑና፡ ነቲ ተጠቂዑ ዘሎ ክፍሊ ኣካላት ጉሒፍና ነቲ ካልእ ክንጥቀመሉ ንኽእል። ከም ሕማማት ብሩሰላ ወይ ሕማም ምብርዓን ወይ ቲቢ (ዓባይ ሰዓል) እንተ ርኢና ግን፡ ነቲ ስጋ ጽቡቕ ጌርና ክንፍትሾ ኣለና። ነቲ ስጋ ካብ ሕብሩ ጀሚርና፡ ፎኪስ ድዩ ድሩቕ፡ ሕብሩ ብጫ ድዩ ቀጠልያ ንግምግሞ። ሕብሩ እንተ ቖይሩ ወይ እቶም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ሕማማት እንተ ርኢና፡ ከይተማታእና ትኽ ኢልና ክንውግዖ ኣለና። ሓዊ ክሃርሞ'ዩ፡ ክበስል'ዩ ኢልና ሽለል ክንብል ኣይግባእን።

ብሓፈሻ፡ ኣብ ሕብረተሰብና፡ ንውልቂ ይኹን ኣብ ውራያትን በዓላትን ጥሪት ካብ ዕዳጋ ኣምጺእ ኣቢልካ፡ ሕርድ ኣቢልካ ኣብቲ ዝደለኻዮ መዓላ ከም ዝውዕል ናይ ምግባር ልምዲ ኣሎ። እቲ ክኸውን ዝግብኦ ግና ከምቲ ቀዲምና ዝገለጽናዮ፡ ብቐዳምነት፡ ኣብ ኵነታት ጥዕና ናይቲ እንስሳ ተገዲስና ክንርእዮን ክንዕዘቦን ኣሎና። ኣብ ግዜ ሕርዲ ድማ ዝግባእ ኣገባብ ጽሬት ከነማልእ የድሊ። ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፉ ጉዳእቲ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ስለ ዘለዉን ኣብቲ ከባቢ ናብ ዘለዋ እንስሳታት ክሓልፍ ስለ ዝኽእልን ዕቱብ ጥንቃቐ የድሊ።

ካልእ ክጸቕጠሉ ዝደሊ፡ ኣብ ከባቢ ጎሓፍ ኳንካ ጉዚ ክሕረድ የብሉን። እቲ ንሕሩድ ዝተቐረበ እንስሳ፡ ሃንደበት እንተ ሞይቱ፡ ብሕማም ድዩ ወይስ ብድንገት ሞይቱ ከነለልዮ ይግባእ። ሕማሙ እንታይ ምዃኑ ከይተፈልጠ፡ ምስ ሕማሙ ሓሪድካ ንብዙሓት እንተ ጎዚኻዮ፡ ከይተረድኣካ ነቲ ሕማም ናብ ብዙሓት ትዝርግሖ ምህላውካ ክትግንዘብ ኣሎካ። እቲ ኻልኣይ ከኣ፡ ኣብ እንዳጎሓፍ እንተ ሓሪድና፡ ሃመማ፡ ፋሉላት ኣኽላባትን ደማሙን፡ ርስሓትን ደሮናን ነቲ ስጋ የበላሽወልካ። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዓይነት ቦታ ዝተሓርደ ስጋ እንተ ዘይተመገብናዮ ይሓይሽ። ንሓርደሉ ቦታ ጽፉፍን ሽፉንን ክኸውን ተመራጺ'ዩ።

ዮናን ተስፉ

ክኢላ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ



## መኣዛ ፍረ ጻዕሪ

### ኣውደኣመትና ብሃብታም ሰላጣ ነሀብትሞ



**ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን**

1 ኪሎ ሰላጣ
1 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ሽጉርቲ
3 ኮመደረ
2 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ካሮት
2 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ድንሽ
3 እንቋቑሖ
100 ግራም ተቐልዩ ዝተጣሕነ ፉል
250 ግራም ዝኾነ ዓይነት ጥረታት ከም ፋጆሊ፡ ዓይኒ ዓተር፡ ኣዳጉራ
3 ማንካ ዘይቲ ስምስም ወይ ኣውሊዕ (ዘሎና ክንጥቀም ንኽእል)
3 ማንካ ጽማቝ ለሚን

**ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ**

መጀመርታ፡ ድንሽን እንቋቑሖን ብሓንሳብ ነብስሎ። ሰላጣ ድማ ብጽሩይ ማይ ጌርና ደጋጊምና ንሓጽቦ። ብድሕር'ዚ ንመትሮ'ሞ፡ ዘዳለናዮ ኣስፔዛ ኮመደረ፡ ሽጉርቲ ካሮትን መቲርና ብሓንሳብ ኣብ ዕሙቕ ዝበለ መትሓዚ ንሓዋውሶ። ቀጺልና፡ ፋጆሊ ምስኡ ጌርና ንሓዋውሶ። ብድሕር'ዚ፡ ዝበሰለ ድንሽን እንቋቑሖን መቲርና፡ ኣብ ልዕሊኡ ንገብሮ። ኣብ መወዳእታ፡ ዝተጣሕነ ፉል፡ ዘይትን ጽማቝ ለሚንን ብላዕሊ ብምውሳኽ ኣወሃሂድና ንመግቢ ድሉው ንገብሮ። በዚ እተጠቕሰ ዓቐን እተሰርሐ መግቢ ክሳዕ 6 ሰባት ክምግበልና ይኽእል።

ኣዳላዊት፦ ኣስመረት ዳምር (ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ቁ.6)

## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/08371501- ቁ.ሳ.ፖ 1048 (ለይ-ኣውት- ፋጥማ እስማዒል/ ሶፍያ ፍቓዱ)

# ሽባብ

ሃማመተኤ

ሪፓርታዥ

## ማሕበር፡ ናይ 2025 ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ኣካይዱ

ኢንጅ. ሚካኤል በርሀ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፣ ካብ ዕለት 26 – 28 ታሕሳስ ዓመታዊ ገምጋሙ ኣብ ኣስመራ ብዓወት ኣቃኒዑ። እቲ ሰለስተ መዓልታት ዝወሰደ ዓሚቝ ጾብጻብን ገምጋም ካብ ኩለን ዞባታት ዝመጹ ሓለፍቲ ዞባታትን ሓለፍቲ ክፍልታት ናይ ዞባታትን፡ ሓለፍቲ ክፍላታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት፡ ሓለፍቲ ኣሃዱታትን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ ተሰላሲሉ። ብሓፈሻ ድማ ኣብዚ ናይ ሰለስተ መዓልታት ጻንሖት፡ ጸብጻብ ናይ ሸውዓተ ሓለፍቲ ዞባታትን (ሽዱሽተ ዞባታትን ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን) ናይ ሓሙሽተ ሓለፍቲ ክፍልታትን፡ ጸብጻብን ገምጋምን ቀዳማይ ቅነ-ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ መጽናዕታዊ ወረቐት ማእከል መንእሰያት፡ ሓፈሻዊ ገምጋም ስትራተጂያዊ ውጥን 2021-2025 ከምኡ'ውን ንድፊ ስትራተጂያዊ ውጥን 2026-2030 ብዓሚቝ ተዘቲዩሉ።

ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ፡ ጸብጻብን ገምጋምን ናይቲ ዞባታትን ክፍልታትን ኣብ 2025 ዘሰላሰልኦ ንጥፈታት'ዩ ተኻይዱ። ብነፍሲወከፍ ዞባን ክፍልን ብመንጽር ስትራተጂያዊ ውጥን ዓመታዊ ጸብጻብ ምስ ቀረበ፡ ኣብ'ቶም ዝተተግበሩን ዘበኾሩን ንጥፈታት ዘተን ክትዕን ተኻይድሎም። ኣብ ናይ ቀዳማይ መዓልቲ ውዕሎ ድማ፡ ኣብ ተመሃሮን መንእሰያትን ብርክት ዝበሉ ናይ ንቕሓት መደባት ከም እተሰላሰሉ ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ ተበጺሑ።

ካብቶም ኣብ 2025 ብኣተኩሮ ክሰረሓሎም ዘለዎ ነጥብታት ተባሂሎም ካብ እተዘርዘሩ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢታትን ትሕቲኡን ወሪድካ ዝተፈላለዩ ውዳበታትን ንጥፈታትን ምስልሳል፡ ቀዳማይ ቅነ-ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ብዓወት ምስልሳል፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ኣተኩርካ ምስራሕ፡ ስልጠና ናይ ሓለፍቲ ንኡሳን ዞባታትን ኣሃዱታትን ምትግባርን ካልኦት ዓበይቲ ንጥፈታትን ከምዝተሰላሰሉ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተገሊጹ። ብፍላይ ኣብ ምምሕዳር ከባቢታት ወሪድካ ንጥፈታት ምክያድ፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት ዕላማ ማሕበር ምንባሩ፡ ኣብዚ ዓመት ድማ ብውሕዱ መረዳእታን ቅርጽን እናሓዘ ከም ዝመጸ ተሓቢሩ። ኣብ ምህዞን ሰንዓን'ውን ማሕበር ቀሊል ዘይኮነ ስጉምቲ ጉዕዞ ከም ዝተጓዕዘ ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ ተበጺሑ እዩ።

ኣብ ምምሕዳር ከባቢታት ዝሰላሰል ንጥፈታትን ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝግበር ጻዕርን ገና ዓቢ ቀላሕታን ምክትታልን ከም ዘደሊ፣ ኣብ 2026 ድማ ካብቶም ዝዓበዩ ኣተኩሮ ናይ ማሕበር ኮይኖም ክቕጽሉ ምዃኖምን ኣብቲ ገምጋም ተወሲኑ። ማሕበር ኣብ ኣካያዲት ኣካል ዝገበሮ ጻዕርታት ከምቲ ዝድለ'ኳ እንተ ዘይሰጎመ፡ ብዙሕ ተመክሮ ከም ዝተቐሰሞን ብሕጂ ድማ ብዙሕ ስራሕ ከም ዝሓትትን ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ ተበጺሑ። ምስ ምስፋሕ ንጥፈታት ማሕበር፡ ብህሉው ዓቕሚ ሰብ ክዕመም ኣጸጋሚ ስለዝኾነ፡ ምምልማል ኣካያዲት ኣካል ኣብ ኩሉ ውዳበታት መሰረታዊ ምዃኑ'ውን ተገሊጹ።

ማሕበር ዓቕሚ ኣባላቱ ንምዕባል ዝተፈላለዩ ንኡስ ስጉምትታት ክወስድ ጸኒሑ'ዩ። ኣብዚ ዓመት ግና ብዝተፈልየ መንገዲ፡ ኩሎም ሓለፍቲ ንኡሳን ዞባታትን ሓለፍቲ ኣሃዱታትን ናይ ዓሰርተ መዓልታት ጽዑቕ ስልጠና ምሃቡ ኣዝዩ ሓጋዚ ከም ዝነበረ ተገምጊሙ። ሓለፍቲ ንኡሳን ዞባታትን ኣሃዱታትን ድሕሪ ስልጠና ዘርኣይዎ ለውጢ ተዓቃኒ ምንባሩ'ውን ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

ካልእ ኣብዚ ዓመት ዝተራእየ ኣገባብ ኣገማግማ ኣድማዒ ምንባሩ እውን ተዘሪብሉ ነይሩ። ዳርጋ መብዛሕትኦን ዞባታት ካብ ታሕቲ ጀሚረን ናይ መሻረኽቲ ኣካላት ጸብጻብን መረዳእታን ከየትረፋ ኣተኩሮ ሂበን ገምጋማተን ብምክያደን ዝሓሸን ዝነጸረን ስእሊ ክፍጠር ከም ዝተኻእለ ተገሊጹ። ንጹር ስእሊ ምህላው፡ ድኽመታትካን ብልጫታትካን ኣጉሊሑ ስለዘርኢ መሰረታዊ ነገር ምዃኑ'ውን ተሓቢሩ። ካልእ ሎሚ ዓመት ካብ ዝተሰላሰሉ ዓበይቲ ንጥፈታት፡ ኣብ ቅነ-መንእሰያት ዝነበረ ዝተፈላለየ መረዳእታ ዝጸበበሉን ንጹርነት ዝሓዘሉን ምዃኑ'ውን ተገሊጹ። ሓደ ቅነ-መንእሰያት ክሰላሰል እንከሎ እንታይ ንጥፈታት ክካተት ከምዘለዎ ማሕበር ንጹር ስእሊ እናሓዘ ይመጽእ ብምህላዉ ዓቢ ዓወት ምዃኑ ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ ተበጺሑ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ሞያዊ ስልጠና ዘሎ መረዳእታ ኣብ ኣባላት ማሕበርን ሕብረተሰብን ምዕባዩ ከም ዓወት ዝጽብጸብ ምዃኑ'ውን ኣብቲ ገምጋም ተገሊጹ።

ኣብ ናይ ንግሆ ክፍለ ግዜ፡ ናይ ካልኣይ መዓልቲ ናይቲ ገምጋም፣ ጸብጻብን ዓሚቝ ገምጋምን ናይቲ ካብ ዕለት 24 ነሓሰ ክሳዕ 04 መስከረም ኣብ ከረን ዝተሰላሰለ ቀዳማይ ቅነ-ቀያሕቲ ዕምባባ እዩ ተኻይዱ። ኣብዚ ዓሚቝ ዘተ ዝተኻየደሉ ጸብጻብ፣ ዝተቐሰመ ተመኩሮ ምርኩስ ብምግባር ድኻማትን ሓያል ጐንን ዞባታት ብዓቢኡ ድማ ኣብ ቀጻሊ ክትግበሩን ክመሓየሹን ዘለዎም ነጥብታት ብሰፊሕ ተዘቲዩሎም። ኣብ 2026 ካልኣይ ቅነ-ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ዞባ ደቡብ ክካየድን ካብ ሕጂ ምድላዋት ክግበረሉን ኣብ መደምደምታ ተበጺሑ። ኣብ ፋልማይ ቅነ-ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ 20 መዛሙር፡ ምኩራት ዳይረክተራት፡ ሰኣልትን ኣዲተራትን ዝተሳተፍዎ ናብ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ተቐይሩ ብመልክዕ ክሊፓት ተዳልዩ ንመመረቕታ ንምርኢት ቀሪቡ።

ብመገዲ ዞባታት ማሕበር ናብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ክዝርጋሕ ምዃኑ'ውን ኣብቲ ኣጋጣሚ ተሓቢሩ።

ቀጺሉ ዝቐረበ መደብ፡ ኣብ ማእከል መንእሰያት ዘተኮረ መጽናዕታዊ ወረቐት እዩ ነይሩ። እዚ መጽናዕታዊ ወረቐት እዚ፡ ካብ ተመኩሮ ማሕበርን ዓለማዊ ደረጃታት ማእከል መንእሰያትን ምርኩስ ገይሩ ዝተዳለወ እዩ። እቲ ወረቐት ብዙሓት ዝርዝራት ዘካተተ'ኳ እንተነበረ፣ ቀንዲ ዕላምኡ ግና መንእሰያት ግዚኦም ኣብ ዘየድልዩ ንጥፈታት ኣብ ክንዲ ዘሕልፍዎ ኣብዞም ማእከላት ብምሕላፍ ኩሉንትናዊ ህንጸት ከም ዝረኽቡ ንምግባር ዝዓለመ ምዃኑ ተገሊጹ። ነቲ መጽናዕትን መደብን ዝመርሐ ዶክተር ኣሚነ ተኽላይ፣ እቶም ማእከላት ብውሕዱ ናይ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ትምህርትን ስልጠናን፡ ምሕያል ምህዞን ዋኒንን ምስፋሕ ቁጠባዊ ዕድላትን፡ ስፖርት ባህልን ምዝንጋዕን፡ ሲቪካውን ፖለቲካን ተሳትፎ መንእሰያት ዘሐይሉ ኮይኖም ክህነጹ ከምዘለዎም ኣስሚርሉ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ልዕሊ ሓደ መዓልቲ ዝወሰደ፡ ገምጋም ስትራተጂያዊ ውጥን ናይ 2021-2025 ከምኡ'ውን ምንዳፍ ሓድሽ ስትራተጂያዊ ውጥን 2026-2030 እዩ ነይሩ። ነዚ ዕማም ዘሰላሰለት ብደረጃ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ዝቖመት ኮሚቴ፣ ንነዊሕ ግዜ ክትሰርሓሉ ምጽናሓ ድሕሪ ምግላጽ፡ መጀመርታ ሓፈሻዊ ገምጋማ ኣብቲ ንሓሙሽተ ዓመት ክኸይድ ዝጸንሐ ስትራተጂያዊ ውጥን ናይ 2021-2025 እያ ኣካይዳ። እቲ ኣብ መደምደምታ ዘበጽሓትሉ ገምጋም ካብ ኩለን ዞባታት ኣብ ዝተመርጻ ንኡሳን ዞባታት ዑደት ኣካይዳ ምስ ኣባላት ተመሃሮ፡ መንእሰያት፡ ሸማግለ የዕሩኽ መንእሰያት፡ መሻረኽቲ ኣካላት ከምኡ'ውን ኣባላት ማሕበር ድሕሪ ዝገበረቶ ሰፊሕ ዘተ ከም ዝተበጽሐ ሓቢራ። ብተወሳኺ እቲ ናይ መወዳእታ ገምጋም፣ ርእይቶታት ውልቀሰባት ምስ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ብምውድዳር ድሕሪ ምትንታን ከምዝተበጽሐ ኣነጺራ። ኣብቲ ዝቐረበ ገምጋም ድማ ርእይቶታትን ክትዓትን ተኻይዶም።

ኣብ መወዳእታ፡እታ ንስትራተጂካዊ ውጥን ከተዳሉ ዝተመዘዘት ኮሚተ፣ ንተመኩሮን ንጥፈታትን ማሕበር ምርኩስ ብምግባር ንህሉውን ሓድሽን መድረኻዊ ብድሆታት መንእሰያትን ተመሃሮን ንምግጣም ዝኽእል ስትራተጂካዊ ውጥን 2026-2030 ብምንዳፍ ናብ ተሳተፍቲ እቲ ገምጋም ኣቕሪባ። ነፍሲ ወከፍ ሸቶ፡ ሸቶ ብሸቶ ድሕሪ ምርኣይ ዓሚቝ ዘተ ተኻይድሉ። ኣብ ዝቕጽል መዓልታት ተጻፊፉ ክጸድቕ ድማ ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ ተበጺሑ።

ኣብ መወዳእታ ኣቦ መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲ ካብ ተሳተፍቲ ናይቲ ገምጋም ንዝቐረበሉ ሕቶታት ድሕሪ ምምላስ ኣብ 2025 ዝተረኽቡ ዓበይቲ ዓወታትን ናይ 2026 ዝዓበዩ ኣተኩሮ ስራሕን ዘርዚሩ። ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ መግለጺኡ፡ ማሕበር ሎሚ ዓመት ኣብ ዓበይቲ ጉዳያት ጽቡቕ ገስጋስ ኣርእዩ እዩ። ኣብ ኣካያዲት ኣካል ግና ዘተባብዕ ገስጋስ እኳ እንተርኣየ፡ ናብቲ ንደልዮ ደረጃ ስለዘይበጽሐ፡ ኣብ 2026 ብኣተኩሮ ክሰረሓሉ ምዃኑ ኣስሚርሉ። ኣብ ምምሕዳር ከባብን ትሕቲኡን ወሪድካ ዝካየድ ናይ መነቓቕሒ መደባት ድማ ቀጻልነቱ ክረጋገጽ ከም ዝግባእ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ'ውን ንተሳተፍቲ፡ ኣብ ንጥፈታት ማሕበርን ዞባዊ ኩነታትን ኣተኩሩ ንኣኼበኛታት መማእዘኒ ሓሳባት ሂቡ። ሃማመተኤ፡ ስሩዕ ጸብጻባትን ገምጋማትን ኣብ ምክያድ ዘለዎ ባህልን ዘካየዶም ንጥፈታትን ኣዝዩ ዝምስገን ምዃኑ ብምጥቃስ፣ ነቲ ርሱን ክትዕን ዘተን ክወሃበሉ ዝቐነየ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ንድፊ እማመ ስትራተጂያዊ ውጥኑ ናይ መወዳእታ መልክዕ ኣትሒዙ ንትግባርተኡ ብዝለዓለ ወንን ትግሃትን ክብገስ ኣገንዚቡ።







ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ለምለም ግደ ጉብረሂወት፡ ወድና ኣቶ ግደ ጉብረሂወት ጉብረስላሴን ወ/ሮ ምንያ ኣስፍሃ ወልደሚካኤልን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ምርያም ኣብርሃም ኣርኣያ፡ ኣደይ ሉቲና ወልደጉብርኤል ሰርጁ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ሃብተስላሴ ተኽለይ፡ ተኸሳሲ ተስፋሚካኤል ወልዳዊት፡ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን27/1/26 ኣብ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ቱታ መሓመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ኣምና ፈተሓራሕማን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ

## ደቀምሓረ

ሸዊት ከበደም ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ኑቢየት ከበደም ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ


ንግስቲ ጉብረዮሃስ ዓንደማርያም፡ ወላዲትና ወ/ሮ ኣምለሱት ጉብረሚካኤል በራኺ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሶሚራ ዓብደላ ወሁብ ምባል ተረፉ፡ ሶሚራ መሓመድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ሳምያ ኣደም ፈርጅ ምባልተረፉ ራሓን ኣደም የሱፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉት ዝቃወም እንተሎ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ብጻል ቤተይ መብራህቱ ኣብርሃ ሰለሙን፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ሸማንጉስ ላዕላይ ብምኻድ ዚቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስኩም ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ክምዝዋጸና ንገልጽ፡፡


ብጻልቲ ቤቱ ጸገወይኒ ተስፋየውሃንስ ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን፡፡



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዴና እዝየግዝርያ ቀሺ ጉብረየሱስ፡ ኣብ ዓዲ ደርሰይ ዚቃበርኩምናን፡ ካብ ደገ ቴሌፎን ደዊልኩም ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንዓጹ፡፡

ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ዝተፈለየና ኣዚና እነፍቅሮ ሓውናን ኣቦናን ጸሃየ ሕድረሚካኤል ወረዕ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ገዛ ምብጻሕን ከምኡ'ውን ክሳብ ደቀምሓረ ድንገዘን ብምኻድ ኣብ ቀብሪ ሓመድ ኣዳም ዘላበስኩምናን ኣብ ገዛ ብምምላስን ካብ ወጻኢ ሃገር ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ኩሉኹም መቕርብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ዓጹና፡፡

ደቁን መላእ ስድራቤትን




### ምስጋና

ብዕረፍቲ እነፍቅራን እነኽብራን ወላዲትና ወ/ሮ ንግስቲ ክብርኣብ ጉብረሂወትን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ዝበጻሕኩም፡ ድሕሪ ዕረፍታ ኣብ ዓዲ ቀ ዚቃበርኩምና፡ ካብ ወሽጥን ወጻእን ስልኪ ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና መቕርብን ፈተውትን መራሕቲ ሃይማኖትን ኩሉኹም ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ንዓጹ፡፡

ደቃ ምስ ምሉእ ስድራቤት





# ዘሐጉስ ብስራት ካብ ፋብሪካ ጸባን ውጽኢት ጸባን ኣስመራ ብ/ማ ሕበር (እንዳ ኣቺ)

ንህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ኤርትራ፡ እንቋዕ ናብ ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን ብሰላም ኣብጽሓኩም እናበልና፡ ኩሉ ዓይነት ፍርያትና ብርትዓዊ ዋጋ ቀሪብና ምህላዉና ነበስር፡፡

**ዝተኸለሰ ጠስሚ**፡ንሓጺር ግዜ ዝጸንሕ ናይ ልዕሊ **16%** ምጉዳል ዋጋ ጌርና ምህላውና ንሕብር፡፡

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑ.ቴ **115908/114180** ተወከሱ

**ፋብሪካ ጸባን ውጽኢት ጸባን ኣስመራ ብ/ማ ሕ በር (እንዳ ኣቺ)**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291)
Fax: (+291)
www.bisha

VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.**

Position: Safety & OH Data Administrator
Department: Safety and Occupational Health
Section: Safety and Occupational Health
Number required: One (01)

**Primary Purpose**

Administrative professional who handles routine clerical tasks relating to entering or updating data in a computer system with main responsibility is to ensure that the organization's Safety and OH Database is accurate and up to date.

- Responsible for maintaining accurate and up-to-date data with all Safety and OH records and information.
- Perform data quality checks on data collected and ensure good quality of data produced.
- Provide administrative and data management services to the department both in soft and hard copies.
- Assist the Safety & OH Department with necessary secretarial duties.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Candidate must be Medically and Physical fit.

**Qualification**

- Diploma in computer science or equivalent to 5 years work experience as Data

**Knowledge & Experience**

- 2 - 3 years' experience as Data Administrator
- 2 years' data computing experience

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| • Computer Literacy (MS Office – Advanced) | Communication (English and local language) |
| • Great verbal and written English communication skills | Interpersonal relation skill |
| • Planning, scheduling, organizing and execution skills | Committed |
| • Data management skill | Integrity |
| • Attention to detail | Prioritizing skills and multi skilling |
| • Problem solving skill | Ability to work towards strict deadlines |
| • Analytical skill | Flexible and open-minded |
| • Summarization and report writing skills | High level of accuracy |
| • Knowledge of safety standards is an advantage | Positive and Professional mannerisms |
| • Familiarity with compliance and accuracy | Discretion |
| | Self-motivation |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Bisha Mining Share Company,**

**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment permits Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**



### ምስጋና

ብመስዋእቲ ኣዚና እንፈትዎ ተጋ/ኢትባረክ ኣፈወርቂ ጉብረመስቀል፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ኣዴኡ ወ/ሮ ልችያ ተስፋጽዮንን ኣሕዋቱን



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እንፍቅራ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ለምለም ተስፋሚካኤል፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማም ዝተመላለስኩምን ኣብ ግዜ ዕረፍታ ኣብ ቤት መኻእ ዘቃበርኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ከምኡ'ውን ኣብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ስድራ ቤት ነፍ/ሄር ተወልደ ደባስ ምስ ደቆም



### ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ብጻይ እንፍቅራ ሓብትና መም/ ገርግሽ መም/ ጉብረመድህን ፍቓዱ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ዕረፍታ ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩምና ኣምባሲ ኤርትራ ኣብ ኡጋንዳ ከምኡ'ውን ኣብ ምቕባል ክሳብ ዓዲ መርኬኛ ብምኻድ ዘቃበርኩምና ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና መማህራን፡ ቤተሰብን፡ ፈተውቲን፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ምስ ውዳን ምሉኣት ስድራቤትን
ነፍ/ሄር መም/ ጉብረመድህን ፍቓዱ



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ብጻል ቤተይ ኣቶ በየነ በላይ፡ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና መራሕቲ ሃይማኖት፡ ብፍላይ መሳርሕተይ ፋብሪካ ኮካ ኮላ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ብጻልቲ ቤቱ ሳባ ገ/ሂወት (ሎገ)
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ራሄል ሙሴ ምስዮና፡ ወላዲተይ ጸገ ባርያጋብር ኪዳ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ኣቤል ተከስተ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ተኽለ ኢሳቕ መርሃጼን፡ ስም ትሕተ ዕድመ ወደይ ክፍለማርያም ተኽለ ኢሳቕ ምባል ተሪፉ፡ ናትናኤል ተኽለ ኢሳቕ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Health and Safety Training Officer**
**Number required – (02)**
**Type of contract – Indefinite**
**Major Duties and responsibilities**

- Assist the Health and Safety Training Coordinator to develop and implement the mine safety management system inclusive of safety meetings, workplace inspections, prestart information sections and inspections, event reporting/investigation and reporting of lead and lag indicators.
- Assist in building, implementing and overseeing H&S programs and initiatives for Asmara Mining Share Company (AMSC).

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

Health and Safety
- Communicate all Health and Safety procedures and protocols to the operations.
- Assists the development and review of H&S documents in accordance with AMSC standards and Eritrean regulations.
- Assists facilitate and promote the adoption of new health and safety programs and practices.
- Assists in audits, risk assessments, reviews, monthly H&S meetings and inspections.
- Supervise all signage work across the company.

Planning and Analysis
- Contribute to the provision of an appropriately trained and skillful workforce that is fully trained on HSE elements.
- Develop and plan training session plans, as well as associated schedules, in accordance with approved and prescribed Health Safety and Environment curriculum and principles.
- Conduct needs analyses to develop or update training materials to parallel emerging HSE industry trends.
- Identify training needs through determining risk profiles and training matrices and requesting these from the relevant supervisors and/or managers.

Module Development
- Research, plan, and develop training and material programs to meet training needs, as per the competencies required; schedule and socialize training sessions.
- Contribute to the conceptualization, development and update of HSE training aids, resources and learning solutions.
- Conduct investigations into HSE events, in conjunction with the event investigations teams, distill learning and include in the training content.
- Develop assessment components, comprised of both theory and practical elements.

Execution
- Conduct both Technical and Competency based HSE training and assessments for both permanent and contractor employees, by using on-the-job technical teaching methodologies to impart skills, knowledge and competencies.
- Coordinate refresher training on topics, as required.

Evaluation and Maintenance
- Confirm that all training and assessment procedures are followed and all competencies; standards and/or regulations met before signing for the issue of certificate and permit.
- Support the development of a continuous improvement culture to ensure training and development remains a top priority for improving Health and Safety standards across Asmara Mine.

Profile: Qualifications and Experience


| | |
|---|---|
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | • **Bachelor's Degree in a Science related programs**<br>• **Workplace Trainer and Assessor in Mining is an advantage** |
| **Working Experience – Nature & Length** | • **Minimum of 2 years' generalized experience in Health and Safety, with previous facilitation experience in the Mining, Oil or Construction industries, of which 1 year should be in training capacity.**<br>• **Sound knowledge of technical and operational aspects of open cut and underground mining.** |
| **Technical Skills** | **Advanced training and strong facilitation skills.**<br>• **Strong communication (written and verbal - Tigrinya & English) and interpersonal skills.**<br>• **Plan, organize and execution skills**<br>• **Valid Driver's License**<br>• **Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel)** |
| **Behavioral Skills** | • **Approachable \| Assertive \| Customer Focused \| Goal Oriented \| Influential \| Initiative \| Pro-Active \| Reliable \| Results Driven**<br>• **Well organized** |

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Site
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ መርማሪ ቈልዓ

## መበል 25 ክፋል

ክልቲኦም እናሰሓቑ፡ ከባቢ ሓደ ሰዓት ኣዕለሉ። ሳይሞን ኣብ ልዕሊ ሰመረ ዝገበሮ እወታዊ ለውጢ ኣዝዩ ኣሐጒሶ። ሰመረ'ውን ብንእሽቶ ቈልዓ ህይወቱ ካብ ሕማቕ ሰብ ናብ ንፉዕ ሰብ ስለዝቐየረ ኣመና ተሓጒሰ። ልዕሊ ኵሉ ዘሐጒሶ ከኣ እቲ ምስጢሩ ኣብ ሓደ ሰብ ጥራይ ምንባሩ እዩ።


ሰመረ፡ ንሳይሞን ተሰናቢትዎ ብሓጐስ ናብ ገዛውቱ ተበገሰ። ኵሉ እቲ ዘሕለፎ እናዘከረ ከይተረድኦ ክምስምስ እናበለ ገዛውቱ በጽሐ። ንገዝኡ ንኽበጽሕ ሓንቲ ኣንጐሎ ክትተርፎ ኸላ፡ ሓደ መዘንኡ ተዳህይዎ ናብኡ ገጹ ኣበለ።

## ዛንታ

ሰመረ፡ ልቡ ቅጽበት ኣበርቲዓ ሃረመት። ናብ ገዝኡ ክኸይድ ተሃወኸ። እቲ ዘረባ ደስ ስለዘይበሎ ናብ ገዝኡ እናተበገሰ፡ "ስለዚ ሰሪሕካ ምብላዕ እዩ ዝሓይሽ። ዓርኩ ከምዚ ከማይ ስራሕ ምጅማር ይሕሸኻ። ከይደ ኣለኹ ብሩኽ ምሸት!" መገዱ ቀጸለ።

"እወ ሕጅስ ከምኡ እዩ ዝሓይሽ፡" እቲ መንእሰይ ብጸዋግ ገጽ ንገዛእ ነብሱ እናነዓቐ ተዛረቦ።

ሰመረ፡ ካብቲ መንእሰይ ገለ ሓምሳ ሜትሮ ምስ ተፈልየ፡ "ተመስገን! ኣነ'ውን 'ጨዲዑ ተኣሲሩ፡' ምተበሃልኩ ነይረ። እዋይ ዕድል ቈጻሕ እንቋዕ ካልኣይ ዕድል



እቲ መንእሰይ፡ "ሰሜ እንታይ ደኣ ከሊኻና ዲኻ? ሸቑል ገለ ኸኣ ጀሚርካ ኢሎምኻ?" እቲ መንእሰይ ነቲ ጽፉፍ ክዳውንቲ ናይ ሰመረ እናጠመተ ተዛረበ።

"እወ። ስራሕ ጀሚረ እየ፡" ኣሕጺሩ መለሰሉ።

"ብዛዕባ ቀርቃርከ ሰሚዕካዶ?" ጸጒሪ ርእሱ እናፈሓሰ ሓተቶ።

"ኣይፈለጥኩን እንታይዶ ኮይኑ እዩ?" ሰመረ ብምግራም ሓተተ። ቀርቃር ኣብቲ ገዛውቲ ኣብ ፈቐዶ ኣንጐሎ ዝርአ ዘይእሩም መዋዕልቶም ዝነበረ እዩ።

"ስጅን ዳኺልዋ እንድዩ?" እቲ መንእሰይ መሬት መሬት እናጠመተ ተዛረበ።

"እንታይ ገይሩ?" ሰመረ፡ ቀርቃር ቤት ማእሰርቲ ከም ዝኣተወ ተረድኦ። ሕማቕ ድማ ተሰመዖ። ናይ ልቡ ከኣ ጕሃየ።

"ሓንቲ ብሽክለታ ካብ ሓደ ካንሸሎ ጨዲዑ ሸዑ ተታሒዙ። ብድሕሪኡ ናብዛ ስጅኑ ዳኺሉ፡" እቲ መንእሰይ ምኽንያት መእሰሪ ቀርቃር ሓበሮ።

ሃብካኒ እምበር መወራዘዩ ሰብ ምኾንኩ። የቐንየለይ ቈጻሕ፡" ንሳይሞን ኣመስገኖ። "ኵሉ ሰብ እዩ ዝወራዘ ማለት እዩ። ዋላ እቶም ኣጆኻ እናበሉ ናብ ገደል ዘጽድፉኻ። እንቋዕ ካብዚ ሕማቕ ስራሕ ተኣለኹ። ድሕሪ ሕጂ ሰብ ምኳን'ዩ ዘድሊ፡" ነብሱ ለውጢ ምግባራ ኣድነቓ። ንበይኑ እናስተንተነ ከኣ ብሕጉስ መንፈስ ገዝኡ ኣተወ። ምስቶም ኣብ ዕላል ዝነበሩ ስድራኡ ከኣ ኣብ ጥዑም ዕላል ተጸንበረ።

* * * *

ሳይሞን፡ ዕዮኡ ስለዝዛዘመ ብዛዕባ ሰመረ ስሕት ኢሉ ይሓስብ ነበረ። ኵሉ እቲ ዝገበሮ ብሓጐስ ይዝክሮ። ድሕሪ ናይ መወዳእታ ርክብ፡ ሰመረ ንሳይሞን ሓደ ግዜ ደዊሉሉ ነይሩ።

ይቕጽል...

### ሓበሬታ

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ተርሙማ፡ ዛንታ 'እቲ መርማሪ ቈልዓ' ክትዛዘም ቀሪባ እያ። ኣብዛ ዛንታ ዘለኩም ርእይቶ፡ ነቐፌታ፡ ሓሳብ ብቍጽሪ ሞባይል 07190414 ወይ ብሳንዱቕ ጶስጣ 4336 ስደዱልና። ኣዳላዊ ዓምዲ።


# ርሑስ ሓድሽ ዓመት - 2026

ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2026 ንኣኹምን ንስድራኹምን ንብል። ዓመተ ሰላም ፍቕሪ ክኾነልኩም ንምነ!

ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ተመሃሮ፡ ወለዲ፡ ሰራሕተኛታት... ብዙሕ መብጽዓታት ይኣትዉ እዮም። መብጽዓ ምእታው ድማ ጽቡቕ ፋል እዩ። ገለ ካብቲ ብተመሃሮ ዝእተዉ መብጽዓታት፡

ደቂ ገዛውትና፡ መማህርትና ክንቀያየም ንኽእል ኢና። እንተኾነ ግን ኣብ ቂምታ ክንነብር የብልናን። ስለ ዝኾነ ዘቐየመኩሞ ወይ ዝበደልኩሞ እንተሎ 'ይቕረ' በሉ። እዛ እትመጽእ ዘላ ሓዳስ ዓመት ጽልኢ፡ ቂምታ ሒዝና ኣይንቀበላ። ካብ ጽልእን ቂምታን ዝርከብ መኽሰብ የለን።

= **ዝነበረና ሕማቕ ልምዲ ነቋርጽ፡**



'ኣብ ሓድሽ ዓመት ትምህርተይ ብግቡእ ከክታተል እየ፡ ግዜይ ከመሓድር እየ፡ ጸወታ ከውሕድ እየ፡ ቀዳማይ ተርታ ክወጽእ እየ፡' ዝብሉ እዮም። እዚ ድማ ጽቡቕ ነገር እዩ። እንተ ኾነ እቲ ዝኣትውዎ መብጽዓ ነዊሕ ከይከደ የቋርጽዎ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት እቲ መደብ ካብ ልቦም ዘይነቐለ ስለ ዝኾነ እዩ። ኵሉ ግዜ እንገብሮ ነገራት ካብ ልብና ዝኣመንናሉ ክኸውን ኣለዎ። ሰባት ገይሮሞ ኢልና ክንገብር የብልናን። ተወሳኺ ክትግበር ዘይክኣል ልዕሊ ዓቕምና ዝኾነ መደብ ከነውጽእ ኣይግባእን።

እምበኣር ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ሓድሽ ዓመት ክትግበሩ ካብ ዘለዎም ገለ ንምጥቃስ፡

= **ይቕረ ምብህሃል፣** ምስ ኣሕዋትና፡

ብዙሕ ግዜ ኣብ ተመሃሮ ዝርአዩ ሕማቕ ልምድታት ኣለዉ። ንኣብነት፡ ስርቂ፡ ካብ ትምህርቲ ምብኳር፡ ሓሶት፡ ባእሲ፡ ንዓበይቲ ምድፋር . . . እዞም ልምድታት እዚኣቶም ካብ ሰባት ከምእንንጸልን ብሰባት ጽሉኣት ከም እንኸውንን ዝገብሩና እዮም። ስለዚ፡ ኣብዛ እንቕበላ ዘለና ሓዳስ ዓመት ከነቋርጾም ምስ ነብስና ቃል ንእቶ።

= **ብመደብ ምምራሕ፣** ዕዉታት ተመሃሮ እቶም ብመደብ ዝጎዓዙ እዮም። ዕዉታት ብኸንቱ እትባኸን ሓንቲ ደቒቕ'ውን የብሎምን። ስለዝኾነ እቶም ብመደብ ዘይትጎዓዙ ዝነበርኩም ኣብዛ እትመጽእ ሓዳስ ዓመት ብመደብ ተመሪሕኩም ንክትጎዓዙ ውጥን ኣውጽኡ። ግዜ ዘይምለስ ሃብትና ስለዝኾነ ብግቡእ ተጠቐምሉ። ንሎሚ ብዝግባእ ንንበራ።



## ቃላት ድለዩ

ካብዛ ተዋሂባ ዘላ ሰንጠረዥ፡ ንትኹል፡ ንጋድምን ንስያፍን ግምጣል ትኹል፡ ግምጣል ስያፍ፡ ግምጣል ጋድም **"ዓምዲ ተርሙማ ርሑስ ሓድሽ ዓመት ይግበረልኩም"** እትብል ምልእቲ ሓሳብ ድለዩ። ሰናይ ስራሕ!

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ሓ | ር | ሖ | ስ | ዘ | ን | ር | ገ | ቢ | ል | ስ | ሽ |
| ተ | ር | ሙ | ማ | ር | ሖ | ስ | ያ | ያ | ሰ | ስ | ል |
| ስ | ተ | ማ | ድ | ሰ | ሖ | ሓ | ማ | ራ | ጸ | ሓ | ይ |
| ስ | ዲ | ዓ | ሽ | ስ | ማ | ድ | ም | ፍ | ን | ላ | ገ |
| ማ | ም | ን | ተ | መ | ዓ | ሽ | ን | ዕ | ፈ | ረ | ስ |
| ን | ዓ | በ | ድ | ት | ን | ተ | በ | ል | ጭ | ም | ዕ |
| ቲ | ኣ | ራ | ር | ይ | በ | ድ | ራ | ድ | መ | ት | ማ |
| ለ | ድ | ድ | ክ | ግ | በ | ረ | ል | ል | ም | ላ | ዘ |
| ል | ጤ | ድ | ል | ኽ | ዕ | ል | ኩ | ም | ስ | ዓ | ጽ |

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## “ኣብ ኣለም በቃኝ ከፍትሖም፡ ነቲ ሓላፌ ‘ሕራይ’ ኣቢለዮ ነይረ” ጓል ሻምበል

5ይን መወዳእታን ክፋል

**እቲ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ጅዳ ዘተታሕዘ ንብረትኪ መወዳእታኡ እንታይ ኮነ፤**

ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ፡ ኣብ 1985 ብፖርትሱዳን ኣቢለ ናብ ሜዳ ከእትዎ ዝሓሰብኩ ኣስቤዛ፡ ብ20 ሽሕ ሪያል ስዑዲ (ልዕሊ 40 ሽሕ ብር) ዝተዓደገ፡ ንተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኸውን ክዳውንትን ካልእን ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ። እቶም ሓለፍቲ ናይቲ ኤርፖርት ኣይሂ ንብዓተይ ምስ ርእዩ ግን፡ ደንጊጾም “በሊ ደሓን ክፈልሉ'ሞ ጽዓንዩ፡” ኢሎም ኣፍቂዶምለይ። ኣነ ከኣ ናይቲ ተወሳኺ ሚዛን ከፊለ ንኹሉ ጽዒነ ናብ ሱዳን ተበገስኩ። ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ፖርትሱዳን፡ መሓሪ ደብሳይን ሙስጠፋ ኑርሑሴንን ኣቐዲሞም ተሓቢሮም ስለ ዝጸንሑ፡ መጺኦም ተቐቢሎምኒ። ከምዚ ከማይ ካብ ኤውሮጳን ካልእ ክፋል ዓለምን ዝመጽኡ ብዙሓት ኣባላት ሓፋሺ ውድባትን መሓዙት ሰውራ ኤርትራ ዝኾኑ ወጻእተኛታትን ስለ ዝነበሩ፡ ክሳብ ንተኣኻኸበ ን10 መዓልቲ ዝኸውን ኣብ ፖርት ሱዳን እየ ቀንየ። ኣብታ ከተማ ኣብ ዝቐነናሉ፡ ኩላትና ፖዝዑብ ኣዋጺእና ምሳሕ ብምድላው፡ ምስ'ቶም ኣብኡ ዝሕከሙን ዝእለዩን ዝነበሩ ከቢድ ስንክልና (መልመስቲ) ዝበርዎም ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ተዘናጊዕና። ድሙድሙ ዝበሃል ስዋ ህዝባዊ ንግባር'ውን ንፈለማ ግዜ ምስ'ቶም ጸዓዱ ክሳብ ንሰክር ኣብኡ ሰቲና።

**ካብ ፖርትሱዳን ናበይ ቀጺልኩም፤**

ብመኪይን ህዝባዊ ግንባር ጌርና ናብ ሳሕል ነቒልና። ኣነ ወዲ 6 ወርሒ ህጻን ሓዚ ስለ ዝነበርኩ፡ ላንድሮቨር ዝዓይነታ ፍልይቲ መኪና ንበይነይ ፈቒዶምለይ። ነቲ ንብረተይ ከኣ፡ ብዓል መሓሪ ደብሳይ ኣብ መኪና ጽዒኖም ኣስዒቦሞ። ብለይቲ ሂምቦል ምስ ኣተና፡ ንኣቦ ደቀይ ብሬደዮ ርክብ መልእኽቲ ስለ ዝሰደዱሉ፡ ንጽባሒቱ ንሰለስተኦም ደቀይ ከኣብ ዝነበሩዎ ጸዊዑ ሓዚዎም መጺኡኒ። ን4 ወርሕን 2 ቅነን ዝኣክል ድማ ምስኦም ኣብኡ ወሪሐ። ዘይተዛወርኩዎ ደጀናት ናይ ሳሕል፡ ዘይረኸብኩዎ ተጋዳላይ ኣይነበረን። ነደይ ዘይኑብ ያሲን ከይተረፈ ናብ ቦታኣን ከይደ ረኺበየን እየ። ዳርጋ ኣብ ሰሳልስቲ እውን ቀደም መሳርሕተይን መተዓብይተይን ዝነበሩ ከም ብዓል የሻረግ መንግስተኣብን ዶክተር ፍቓዱ ተኽስተን ዝኣመሰሉ ተጋደልቲ ምሳሕ ድራር እናበሉ ጤል ሓሪዶምን ስዋ ድሙድሙ ጸሚቖምን ይዕድሙኒ ስለ ዝነበሩ፡ እቲ ግዜ ንዓይ ልክዕ ሕጽኖት'ዩ ኮይኑኒ ነይሩ።

ሓደ ግዜ'ውን ኑቶም ብኾንክን ኣብኡ ተታሒዞም ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ምሩኻት ኩናት ክበጽሖም ኢለ ከይደ። ጽጉ ፍስሃየ ዝተባህለ ተጋዳላይ እዩ ሓላፊኦም ነይሩ። ምስ ከድኩዎም፡ “ኣዲስ ባህል ለኣዲስ ህብረተሰብ' (ሓድሽ ባህሊ ንሓድሽ ሕብረተሰብ” ዝብል ጥር ዘርጊሖም፡ ርእሶም ጅብጅብ ገይሮም፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ክዳንን ረጃቤቶን ለቢሶም ብዘዋስኣን ደርፍን ዝተሰነየ መሳጢ ባህሊ ናይ ዓደም ኣርእዮምኒ። ሽዑ ንጽጉ ፍስሃየ ኣፍቂደ፡ 100 ዶላር ሂበዮም። ብታሕጓስ ዝኣክል ድማ ዓሊሎምን ደቢሎምኒ።

**ናብ ሜዳ ምስ ኣተኺ፡ ስለምንታይ ነቲ ራብዓይ ውላድኪ ክትረኽብዮ ዘይከኣልኪ፤**

እወ፡ ንጽግሬዳ፡ ፈቢንን ፈልሞንን ረኺበዮም እየ። ንኣማኑኤል ወደይ ግን ክረኽቦ ኣይከኣልኩን። ኣብ ድሕሪ መስመር ኣሎ፣ ብስራሕ ተንቀሳቒሱ ኣሎ፣ እንታይ ዶ በይዶ ዝብል ዝተፈላለየ ምኽንያት ምስ ኣብዘሐሉለይ፡ ቀቢጸ። ስኣይ ክምስ እናበልኩ፡ ብውሽጠይ ነዊሕ ክትድኑብድኑብ ኢላ ምስ መጸት፡ “እዉይ! ጉብራኤል ገጽ ደቀይን ሱብኣየይን ስለ ዘርኣየኒ ክቐትለኒ እዩ ግዲ....” ኢለ ብስንባደ ማይ እየ ኮይኑ። ካብ'ቲ መዓት'ቲ ስለ ዝደሓንኩ ከኣ፡ ካብ ሰደት ናብ ዓደይ ምስ ተመለስኩ፡ ዓመት ዓመት ኣብ ሓምለ ብስም ጉብራኤል ብዓቕመይ 10 ኪሎ ስጋ ጸብሒ ሰሪሐ፡ 25 ጣይታ ሰንኪተ ነዞም ኣብ 4ይ መደበር ፖሊስ ዘለዉ እሱራት የብጽሓሎም ኣለኹ።



ስምለም ኣብ ሜዳ ምስ ደቃን ኣቦ ደቃን

ነቢዐን እህህ ኢለን። ድሓር ግን፡ ቡቶም ብህይውቶም ዝጸንሑኒ ሰለስተ ደቀይን ኣቦኦምን ተደዓዒሰ። ኣብ 1993 ምንጋር ስዉኣት ምስ ኮነ ከኣ፡ ኣማኑኤል ብ1983 ከም ዝተሰውአ ምስ ሰበይ ተረዲኣ።

**ኣብ 1985፡ ኣብ ዓራርብ ነፋሪት ክትድኑብድኑብ እንክላ ኣብይ ነይርኪ፤**

ዘገርም'ዩ፣ እታ ነፋሪት፡ ኣብ ሂምቦል ከለና እያ ክትድኑብድኑብ መጺኣ። ኣዝያ ትሐታ እናበረረት'ያ መጺኣ። እቲ ድምጻ ነቲ መሬት'ዩ ቀጥቀጥ ዘብሎ። ኣብ ህይወተይ ከምኡ ገይረ ሰንቢደ ኣይፈልጥን እየ። ሕጂ፡ ኣቦ ደቀይን ጽግሬዳ ጓለይን፡ ትኪ ወይ ቀይሕ መይሕ ከይትርኢ ኢሎም ሸበበድ ይብሉ። ኣነ ከኣ፡ እታ ነፋሪት ድምጺ ትሰምዕ መሲሉኒ፡ ከይትሰምዓኒ ብሕሹኽታ፡ “ኣንታ ቅዱስ ጉብራኤል፡ እቲ ዝለመንኩኻስ ናይ ብሓቂ ዲኻ ጌርካዮ! እሞ ዋላ ‘ቅተለኒ’ ኢለ እንተ ተመባጺዐኩስ ብነፋሪት ዲኻ ክትቀትለኒ!?” እናበልኩ ዝሕዞን ዝጭብጦን ይጠፍኣኒ። ድሓር ግን፡ እታ ነፋሪት ንዓና ሓሊፋ፡ ኣብ ዓራርብ፡ ሰድራቤት ተጋደልቲ ዝኾኑ ገባር ህዝቢ ተዓቚቦምሉ ኣብ ዝነበሩ መዓስከር ደብዲባ። ቡቲ ዝደርበየቶ ፋሸሽቲ ዝበሃል ግዚፍ ቦምባ ከኣ፡ 26 ዕቑባት ብዘስካሕክሕ ኣገባብ ተቐቲሎም። ንጽባሒቱ ደሃይ ክንፈልጥ ኢልና ናብቲ ቦታ ምስ ከድና፡ እቲ ቦምባ ዝወደቐ ቴንዳታትን ኣጉዶታትን ናይ'ቶም ዕቑባት ነበረያ ነበረ ኮይኑ ጸኒሑና።

**እንታይ ኢልኪ ዲኺ ተመባጺዕኪ ኔርኪ?**

ፓስፖርት ከውጽእ ኢለ ካብ ኣስመራ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይደ ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ (ወርሒ ሓምለ እዩ ነይሩ)፡ ዓመታዊ ክብረ በዓል ጉብራኤል ቁልቢ ስለ ዝነበረ፡ ብምኽሪ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝቕመጥ ዝነበረ ሓሙተይ፡ ብጣቡር ምድሪ ገይረ ናብ ድሬዳዋ ይኸይድ'ሞ፡ “ኣንታ ጉብራኤል ኣቦይ፡ ዋላ ንሓንቲ መዓልቲ ገጽ ደቀይን ብዓል ቤተይን ክርኢ እንተ ኣፍቂድካለይ፡ ንጽባሒቱ ዋላ ኣሙተኒ፡ ” ኢለ ይልምኖ። ሕጂ እዛ ነፋሪት

**ስዑድያ ምስ ተመለስኪ፡ ብዓል ቤትኪ ከመይ ተቐበሉኪ፤**

ንሱ ደኣ ኣይ ብሩኽ ወዲ እዝጊሄር እንድዩ፣ ገጹ ኣብሪሁ፡ ምስ ወደይ ሓቐፉን ስዒሙን ተቐቢሉና። ግን ዕድል ኣይትግበሪ ኢሉኒ፣ ድሕሪ ክልተ ዓመት፡ ኣብ 1988 ብሃንደበታዊ ወቕዒ ልቢ ዓሪፉኒ።

**እሞ ብድሕሪኡ ደኣ ናብራ ሰደት ኣይከበደክን ዶ?**

ከቢድ'ዩ ነይሩ፣ ቁልዓ ሓዚ እንዳ ሱብ ክሰርሕ ይኽእል ስለ ዘይነበርኩ፡ ባህላዊ ክዳውንቲ ናይ ኣደታት፡ ናይ መርዓ ካቦ፡ ባህላዊ ስፈታትን ካልእን ኣብ ገዛይ ኮይነ እናሰፈኹ ኩብደይን ኩቡዲ ውላደይን የዐንግል ነይረ። ምስኡ ከኣ ዝጠዘሑ ኤርትራውያን ነቢርቲ ጅዳ ይፈልጡኒ ስለ ዝነበሩ፡ ናይ ብሓቂ ይተሓጋገዙንን ይተሓባበሩንን ነይሮም። እቲ ዘገርም ግን፡ “ንድኻስ ደርሆ ትጸድፎ” ከም ዝበሃል፡ ኣብ ግንቦት 1991 ዓድና ናጻ ወጺኣ ዝብል ብስራት ምስ ሰማዕና፡ ገና ሓጉሰይ ብውዕዩ እንከሎ፡ ዕርቢ 31 ግንቦት ገዛይ ብሓዊ ተቓጺሉ። ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝነበረ ብምልኡ ንብረተይ - ወርቀይ፡ ሰልደይ፡ ጨርቀይ ኩሉ ቡቲ ባርዕ ተሃሚኹ ጥራሕ ኣደይ ተሪፈ።

**ብኸመይ እዩ እቲ ገዛ ተቓጺሉ፤**

እዚ ጥዕና ዘይብሉ ወደይ፡ ነቲ ናብ መዝሓሊ ኣየር (ኤየር ኮንድሽነር) ዝኸይድ ገመዳት ኤለክትሪክ ምስ ተናኺፎ'ዩ ማሕ ኢሉ ነቲ ባርዕ ኣበጊሱዎ። ክሳብ በምቦሪ መጺኣ እተጥፍእ ከኣ፡ እቲ ገዛ ምስ ንብረቱ ብሓንሳብ ናብ ሓሙኽሽቲ ተቐይሩ። ኤርትራውያን ግን ኣብ ዝኸፍኡዎ ጸዕዳ ይጽንሓዩም፡ “ለምለም ጓል ሻምበል ሓደጋ ረኺባ” ኢሎም ገንዘብ ኣዋጺኦም ነቲ ገዛ ጸጊኖምለይ። ሱብኣያ ሞይቱ ተባሂለ መታን ከይጥረዝ ከኣ፡ ነቲ ስዑዳዊ ዋና ገዛይ ረኺቦም ንኹሉ ሽግራተይ ኢጊኖም ብምንጋር፡ ኣብ ትሕቲ ናቱ ስፖንሰር ኮይነ ኣብቲ ዓዲ ንኽጸንሕ ኣእሚኖም ሕራይ ኣቢሎሞ። ድሓር ግን ፈሪሁ ሓላፍነት ኣውሪዱ። ብድሕሪ'ዚ፡ ብዓል ሹቲ ዝበሃሉ ናይ ጀብሃ ወኪላት ምስ ኣልፋኖስ ዝበሃል ወዲ ንጉስ ርክብ ስለ ዝነበሮም፡ ቡቲ ኩሎም ፈለጥተይ ዘዋጽኡለይ ገንዘብ ገይሮም መንበሪ ፍቓድ ኣውጺኦምለይ። ሽዑ፡ ከም ድላየይ ክወጽእ ክኣቱ ክኢለ። ቅድሚ ናጽነት፡ ን 6 ወርሒ ናብ ኣስመራ መጺአ፡ ተዘኻኺሩ ኣሕሊፈ። ናጽነት ምስ ኮነ ድሕሪ 8 ወርሒ (ኣብ 1992) ድማ፡ እንደገና ካብ ጅዳ ምስ 800 ዝኾኑ ኤርትራውያን ብመርከብ ናብ ኤርትራ ተመሊሰ፣ ምስ ደቀይ ተራኺበ ተሓጉሰ። ኣብ 1995 ከኣ፡ ደቀይ ክሓቁፍን ኣብ ዓደይ ህይወተይ ክመርሕን ኢለ፡ ጠቕሊለ ተመሊሰ ማለት'ዩ። ቅድሚ ናጽነት ግን፡ ካብ ጅዳ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዓመት ዓመት ይመላለስ ነይረ እየ።

**ናብ ኣዲስ ኣበባ ደኣ እንታይ ክትገብሪ ትመላለሲ ኔርኪ፤**

ነዚ ሕጂ ኣብ ሽወደን ዝቕመጥ ዘሎ፡ ሽዑ ግን ምሩኽ ተጋዳላይ ኮይኑ ኣብ ኣለምበቃኝ ተኣሲሩ ዝነበረ ምሉጌታ ሓወይ ክርኢ ኢለ'የ ዝመላለስ ነይረ። ኣብቲ ፈለማ፡ ንእሱር ኣመኽኒኻ ካብ ኣለምበቃኝ ሒዝካዮ ክትወጽእ ዝከኣል ኮይኑ ይስማዓኒ ኣይነበረን። ድሓር ግን፡ “ካብ ጅዳ እየ መጺአ'ሞ፡ ነዚ ሓወይ ምሳይ ኣብ እንዳ ኣዝማድና ኣብጺሐ ክመልሶ ኢልኪ ዘይተውጽእዮ” ይብሉኒ ገለ ሰባት። ናይ ብሓቂ ገሪሙኒ። ሕጂ ሓደ መዓልቲ፡ ከምኡ ኢለ የውጽኦ እሞ፡ ሓዘኒ ናብ'ተን ኣብ ፊት እቲ ካርሸሊ ኮይነን ስዋን ሻሂን ዝሸቅጣ ዝነበራ ደቂ ኣንስትዮ ይኸይድ። ብትእዛዝ ሓለፍቱ ካቡቲ ቤት ማእሰርቲ ናብ ቃሊቲ ዝበሃል ቦታ እናተመላለሰ ክምህር ከሎ ሰላም ይብለን ስለ ዝነበረ፡ ኩለን በታ ሳቤቶ እትብል ሳጓኡ ይፈልጣኦ እየን። ኣብኡ ኮፍ ኢልና ቡን እናሰተና ከለና፡ “ሰምዒ'ንዶ ሓብተይ፡ ነዚ ክሕልወኩም ኢሉ ምሳኹም መጺኡ ዘሎ ወተሃደር 10 ቅርሺ ሂብኪ ዘይተፋንውዮ፡” ትብለኒ ሓንቲ ካብ'ተን ሸቃጦ። ሰንቢደ “ናበይ ከፋኑዎ?” እንተ በልኩዋ፡ “እንካ 10 ቕርሺ ኪድ ሻሂ ስተ ትብልዮ'ሞ፡ ሽዑ ገዲፉኩም ክኸይድ እዩ” ትብለኒ። ኣበሃህላኣ ቀልጢፉ ስለ ዝተረድኣኒ፡ ኣብኣ ከለኹ 20 ብር ካብ ቦርሳይ ኣውጺአ፡ “ኣስራ ኣለቃ፡ እንካ ናብ ድላይካ ቦታ ኬድካ ሻሂ ስተ፡” ይብሎ'ሞ፡ “በሉ ሰዓት 11 ናይ ምሸት (ብኣና ሰዓት 5 ድ.ቀ) ኣብ ጠማማ ሆቴል ንራኸብ፡” ኢሉ እናተሓጎሰ ገዲፉና ይኸይድ። ኣነ ኣይኣመንኩን። ሙሉጌታ ሓወይ ግን፡ “ክገርመኪ የብሉን፣ ገንዘብ እንተ ሂብካዮም ምሉእ መዓልቲ ናጻ'የም ዝገድፉኻ፡” ይብለኒ። ብድሕሪኡ ለሚደዮ፡ ክርእዮ ኢለ ክኸይድ ከለኹ ከምኡ ገይረ የውጽኦን ምሳይ የውዕሎን ነይረ።

**እሞ ተውጽእዮ እንተ ኔርኪ ደኣ ከተህድምዮ ኢልኪ ሓሲብኪ ዶ ትፈልጢ፤**

ኑቶም ሓለፍቲ ኣፍትየ ከውጽኦ ደኣ'ምበር፡ ኣምሊጡ ከህድሞስ ሓሲበሉ'ውን ኣይፈልጥን እየ። ኣብ 1990 (ባጽዕ ድሕሪ ምትሓዛ)፡ ብርሃነ ሓወይ ኣብ ኣስመራ ይምርያ ስለ ዝነበረ፡ ንኽልተ ወርሒ ኢለ ካብ ጅዳ ናብ ኣስመራ መጺአ። ሓደ ወርሒ ምስ ኣሓጸንኩዎ፡ እታ ካልኣይቲ ወርሒ ምስ ምሉጌታ ከሕልፋ ኢለ ናብ ኣዲስ ኣበባ ይኸይድ። ሕጂ ካብ'ቶም መተኣስርቲ ምሉጌታ ዝኾኑ ተጋደልቲ፡ “ለምለም፡ ንሓውኺ ጉቦ ኣብሊዕኪ ዘይተውጽእዮ? ሙሴ ሃይለ (ወዲ ሻለቃ) እኳ ብኸምኡ እዩ ወጺኡ፡” ይብሉኒ። ኣነ ከኣ ንሙሉጌታ የጣፍሎ'ሞ፡ “ምውጻእ እንተ ኾይና፡ ምስ ብጾተይ ደኣ'ምበር በይነይ ክወጽእ ኣይደልን እየ፡” ዝብል ኣሉታዊ መልሲ ይህበኒ። ንዓመታኡ ኣብ ሚያዝያ 1991 ምስ ተመለስኩዎ ግን፡ ተጣዒሱ፡ “በሊ እቲ ሓሲብክዮ ዝነበርኪ ግበርዮ፡ ” ይብለኒ። ሽዑ፡ ወምበዴ ተባሂሉ ኣብ ኣለምበቃኝ ተኣሲሩ ዝነበረ'ሞ፡ ኣብ ቃሊቲ ትካል ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን ተኺሉ ዝሰርሕ ኤርትራዊ (ብዓል ጸዓዚጋ) ከም ዘሎ፡ ምስ'ቲ ሓላፊ ናይ ምሉእ ኢትዮጵያ ኣብያተ ማእሰርቲ ድማ የዕሩኽ ምኻኖም ብዓል ምሉጌታ ይሕብሩኒ። ኣነ ከኣ ግዜ ከይበላዕኩ፡ ብመንገዱ ኣቢለ ነቲ ኮሎኔል ኣብራ ኢያና ዝተባህለ ሓላፌ ይረኽቦ፡ ካብ ጅዳ ዝመጻኹ ሓብቲ ሳቤቶ ምኻነይ ምስ ሓበሩዎ፡ ንምሉጌታ ሓወይ ብምትምህርቱ፡ ጠባዩን ስነ ስርዓቱን ኣብ ቅድመይ ሞጉሱ፡ “እሞ ሕጂ እንታይ ደሊኺ?” ይብለኒ። “ክቡር ኮሎኔል፡ ወለዲ ናይ'ዞም ተኣሲርም ዘለዉ ተጋደልቲ ብዓዚ ዝኣክል ይሞቱ ስለ ዘለዉ፡ ዝከኣል እንተ ኾይኑስ ቡብሓደ ክትፈትሖም። ኣነ ከኣ ምስ'ቶም ኣብ ስዑድያ ዘለዉ ኤርትራውያን ኮይኑ ዝደለኻዮ ክንገብረልካ፣ ዋላ ገዛ ዘይብልካ እንተ ኾይኑ ገዛ፡ መኪና እንተ ደሊኻ ድማ መኪና ክንገዝኣልካ፡” ይብሎ። ንሱ ከኣ፡ “ንምሉጌታ ጥራሕ ክፈትሓልኪ ይኽእል እየ፣ ኑቶም ካልኦት ግን ክኹብደኒ እዩ፡” ይብለኒ።

ካብ ጅዳ ክሸጦ ኢለ ዘተማላእኩዎ ክቡር ናይ መጋረጃ ጨርቂ ክልተ ካምቻን ንቑልዑ ዝኸውን ሓያለ ክዳውንትን ሒዘሉ ምስ ተመለስኩዎ ግን፡ “ድሓን በሊ፡ እቲ ዝበልክዮ ገዛን መኪናን ይትረፈኒ፣ ኣብ ክንዳኡ ‘ራዶ’ ዝዓይነታ ናይ ኢድ ሰዓት ጥራሕ ሰደድለይ እሞ፡ ከምቲ ዝበልክዮ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 6 ወርሒ ቡብሓደ ከውጽኦም እየ፡” ኢሉ ቃል ኣትዩለይ። ሽዑ፡ እታ ራዶ ሰዓት ኣብ ስዑድያ ዋጋኣ 3 ሽሕ ሪያል (ልዕሊ 6 ሽሕ ብር) እዩ ነይሩ። በዚ ከኣ እናተሓጎስኩ ናብ ስዑድያ ተመሊሰ። ኣይጸንሐን፡ ድሕሪ ወርሒ ናጽነት ኤርትራ ተበሲሩ። እቲ ኮሎኔል ዝተመነየ ሰዓት ከይረኸበ፡ ኩሎም እሱራት ካብ ኣለምበቃኝ ብሓንሳብ ወጺኦም ማለት'ዩ።

ምሉጌታ ሓወይ ዕድሉ ጸቡቕ እንድዩ፡ ካብ ማእሰርቲ ከይወጸ እንከሎ፡ እሱር ቤተ ሰብ ክትርኢ ኢላ ዝመጸት ሓንቲ ኤርትራዊት ፈትያቶ ትላለዮ'ሞ፡ “ምስ ወጻእካ ክምርዓወካ እየ” ኢላ ቃል ትኣትወሉ። ናብ ኣስመራ ምስ ተመልሰት፡ ኣይጸንሐትን ኣሕዋታ ጠለቡንኣ ናብ ሽወደን ትኸይድ። ድሕሪ ወርሒ ከኣ ናጽነት ኮይኑ ምሉጌታ ይወጽእ። ከምታ መብጽዓኣ፡ ድሕሪ 8 ወርሒ ካብ ሽወደን መጺኣ ተመርዕዮቶ፣ ብሓንሳብ ከኣ ተጠራኒፎም።

**የቐንየልና!**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

### ቀይሕ ባሕሪን ዘራእቲን ጥሪትን ሓሊፈን

ናይ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብኽልተ ግጥማት ቀጺሉ።

ፊልማ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ማይ ተመናይን ተጋጢመን። ኣብዚ ኣብ ቀዳሞት 45 ደቒቕ ብዘይ ሸቶ ዝተዛዘመ ጸወታ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኣብ መበል 50 ደቒቕ ብመገዲ ኣሮን ኣሰፍን መራሕነት ዘተሓዘልታ ሸቶ ረኺቡ። ድሕሪ ኣርባዕተ ደቓይቕ ግን፡ ማይ ተመናይ ካብ ተጻዋታይ ሰራክ ምስየስ እተመዝገበት ሸቶ ኣቐጺራ። እዛ ጋንታ፡ ድሕሪ ሰለስተ ደቓይቕ'ውን ብመገዲ ሻም ጴጥሮስ ሸቶ ብምቑጻር፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2-1 መሪሓ። ዘራእትን ጥሪትን መራሕነት ማይ ተመናይ ክሳዕ 10 ደቓይቕ ክቕጽል ኣየፍቀደትን። ብመገዲ ሄኖክ ጉዓም፡ እተመዝገበት ሸቶ ኣመዛዚናቶ። ኣብ ዝተረፉ ደቓይቕ ዝተወሰኸ ሸቶ ብዘይምንባሩን ጸወታ 2-2 ብምዝዛሙን ከኣ፡ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሐ። ዘራእትን ጥሪትን ድማ፡ 5-4 ተዓዊታ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፋ።

ግጥም ዓበይቲ ጋንታታት ቀይሕ ባሕሪን ኣዱሊስን ሰዒቡ ተሰላሲሉ። ኣብ ቀዳማይ እብረ ጽቡቕ ዝተንቀሳቐሰት ኣዱሊስ፡ ብተደጋጋሚ ልዑት ቀይሕ ባሕሪ ኳሕኲሓ። ኣብ መበል 42 ደቒቕ ድማ፡ ሄርሞን እስጢፋኖስ መራሕነት ኣትሒዘዋ፣ ናብ ዕረፍቲ 1-0 መሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ዓቢ ስራሕ ከም ዘጽበያ ተገንዚባ ዝኣተወት ቀይሕ ባሕሪ፡ ወላ'ኳ ብርቱዕ መጥቃዕቲ እንተኣካየደት፡ ቀልጢፉ ሸቶ ከተመዝግብ ኣይከኣለትን። ኣብ መበል 81 ደቒቕ ግን፡ ኣከፋፋሊኣ ዓብለሎም ተኽለዝጊ እተመዓራረየም ሸቶ ብምቑጻር፡ ዝበርሃ ወጥሪ ኣጉዲልዎ። ኣብቲ ዝተረፈ ውሑድ ደቓይቕ፡ መራሕነት እተትሕዝ ሸቶ ኣመዝጊባ ብጸወታ ናብ ዝቕጽል መድረኽ እትሓልፍ ጋንታ ብዘይምንባራ ከኣ፡ ብቐጥታ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሐን። ብተመሳሳሊ ከም ቀዳማይ ጸወታ ከኣ፡ ቀይሕ ባሕሪ 5-4 ስዒራ ሓሊፋ።

እዚ ውድድር፡ ሰንበት ሰለስተ ጸወታታት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ከካይድ እዩ። 11፡30 ቅ.ቀ ብጾጥም ኣኽርያን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ምስ ፊልሙ፡ ተራኣን ሓልየን ኣስመራ በራ ምስ ኩባንያ ሰንበል፡ ከምኡ'ውን ደንደን ምስ ኣልታሕረር ክጻወታ እየን።

ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዘዋሪት ዋንጫ ናይ'ዚ ዞባ ሎሚ ቀዳም ክፍልም እዩ። ገጀረት ምስ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ኢንሹራንስ ምስ ምምሕዳር ሰምበል፡ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ምስ ደንደን ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኪጋጠማ ምኳነን ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ሱዳን፡ ታሪኽ ሰሪሓ

ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 እትጻወት ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ሱዳን፡ ኣብ ናይ ምድብ ጸወታኣ ዝኾነ ተጻዋታያ ሸቶ ከየመዝገበ፡ ናብ ዙር 16 ብምሕላፋ፡ ታሪኽ ሰሪሓ።

ኣብ ምድብ ሓምሻይተ ተመዲባ ዝነበረት ሱዳን፡ ብኣልጀርያ 3-0፡ ብቡርኪና ፋሶ 2-0 ተሳዒራ። ንኢኳቶሪያል ጊኒ ግን፡ 1-0 ረቲዓታ - ተጻዋታይ ኢኳቶሪያል ጊኒ ሳውል ኮኮ ናብ ገዛእ ልዳቱ ብዘመዝገባ ሸቶ። በዚ ድማ ሱዳን ንኣልጀርያን ቡርኪና ፋሶን ተኸቲላ ሳልሰይቲ ወዲኣ። ብዘኣከቦቶ ነጥቢ ግን፡ ሓንቲ ካብተን ሳልሳይ ደረጃ ዝሓዛ ዝሓሸ ነጥቢ ዘዋህለላ ኣርባዕተ ሃገራት ኮይና፡ ናብ ዙር 16 ሰጊራ።

ቀደሚ ሕጂ፡ ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ዝኾነት ጋንታ፡ ካብ ተጻወትታ ሸቶ ከየረኸበት ናብ ዙር 16 ዝሰገረት ኣይነበረትን። በዚ ድማ ገዛ ሱዳን ኣብ መዘዙብ እዚ ውድድር ከም ታሪኽ ሰፊሩ ኣሎ።

ኣብ ሃገሮም ኩናት ሓድሕድ እንከሎ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ዝሓለፉ ሱዳናውያን ሎሚ ምስ ሴኔጋል ከቢድ ጸወታ ይጽበዮም ኣሎ።



## ስቲፈን ኪሪ፡ ንቅዲ ኲዕሶ ሰኪዐት ዝቐየረ ድንቂ ተጻዋታይ

ዘርኣማርያም ክሰተ

ኣብ ታሪኽ ስፖርት፡ ሓደ ተጻዋታይ ንዝመናት ዝጸንሐ ኣሰራርሓ ክልውጦ ሳሕቲ እዩ ዝረአ። ኣብ ኩዕሶ እግሪ ፔለ ወይ ማራዶና ከም ዝጥቀሱ፡ ኣብ ኩዕሶ ሰኪዐት (ባስኬት ቦል) ድማ፡ ስቲፈን ከሪ ኑቲ ውድድር መልክዑ ቀይሩዎ እዩ።

ንዋሕ ዓመታት፡ ኩዕሶ ሰኪዐት ናይቶም ኣካላዊ ቁመናኦም ዓቢ ዝኾኑ (ግዙፋት) ተጻወትቲ ውድድር እዩ ነይሩ፣ ድሕሪ ግዜ ግን ናይ 'ብልሓትን ቴክኒክን' ተቐይሩ።

ወዱ ንፍሉጥ ተጻዋታይ ኩዕሶ ሰኪዐት ዝነበረ ዴል ካሪ ዝኾነ ስቲፈን፡ ኣብ ንእስነቱ ቀጢንን ሓጺርን ብምንባሩ፡ ኣብዚ ዓውዲ ንክጻወት ኣብ ዝሓተትሉ እዋን፡ ብዙን ዝተማህረለን ቤት ትምህርትታት ይንጸግ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ተስፋ ብዘይምቑራጽ ኣብ ኮለጅ ዴቪድሰን ብልሓቱ ኣማዕቢሩ። ብ2009 ናብ ክለብ ጎልደን ስቴት ዋርየርስ ምስ ተጸንበረ፡ ኣብ ውድድራት ኤንቢኤ (NBA) ክጻወት ብምጅማሩ፡ ፍሉይ ኣርእስቲ ሰሪሑ።

ከሪ፡ ንኩዕሶ ሰኪዐት ዝቐየረሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኑቲ ሓላሊፍካ ጥራይ ዝነበር ዝበረ ናይ 'ሰለስተ ነጥቢ' ሾት፡ ቀንዲ ስልቲ መጥቃዕቲ ብምግባሩ እዩ። ካብ ማእከል ሜዳን ኩርናዓትን ብዘርም ቅልጣፈ ብምድርባዩ፡ ብዙሓ ሸቶታት የመዝግብ ነይሩ። ንሱ ኩዕሶ ሓዚ ከጥቅዕ ከሎ፡ ልክዕ ከም ሳዕሪ እዩ ዝንቀሳቐስ።

ኣብ ናይ ጸወታ ግዚኡ፡ ኣርባዕተ ግዜ ሻምፕዮን ኤንቢኤ፡ ንመጀመርታ ግዜ ብምሉእ ድምጺ ተመሪጹ ክልተ ግዜ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ቲ ውድድር (MVP) ኮይኑ። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ናይ ሰለስተ ነጥቢ ዛጊት 4127 ነጥቢ ብምምዝጋቡ፡ ኣብ ታሪኽ እዚ ዝዓበየ ናይ ኩዕሶ ሰኪዐት ውድድር፡ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ይስራዕ። ኣብ መጻኢ እዚ ብዙሒ ክብጻሕ'ውን ከቢድ ምዃኑ ይግለጽ። ከሪ ኣብ 2024 ኦሎምፒክ ፓሪስ'ውን ሃገሩ ኣመሪካ ዕወት ናይ'ቲ ውድድር ክትከውን ወሳኒ ተራ ተጻዊቱ።

ካሪ፡ ኣብቲ ሸቶ ዘመዝገበሉ እዋን ፍሉይ ናይ 'ድቃስ' ምልክት ጸምብል እዩ ዝገብር። ንሱ፡ ወላ'ኳ ከምቶም ካልኦት ተጻወትቲ ኩዕሶ ሰኪዐት ነዊሕ ወይ ግዙፍ ኣይኹን፡ 'ንፉዕ ንምዃን ግን፡ ጻዕርን ክእለትን እምበር፡ ግዙፍ ኣካል ከምዘየድሊ' ንብዙሓት ብፍላይ ኣብዚ ዓውዲ ክትተፉ ንዝደልዩ ከም ናቱ ተመሳሳሊ ቁመና ዘለዎም ሰባት ኣብነት እዩ። ብሓጺሩ፡ ከምቲ ሊያኀል መሲ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዓቢ ግደ ዝተጻወተ፡ ኣብ ኩዕሶ ሰኪዐት ድማ ካሪ ብሉጽን ኣብነታውን ተጻዋታይ እዩ።



## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ደቂ ኣንስትዮ
ገጀረት - ዕዳጋ ሓሙስ 11:30 ቅ.ቀ
ኢንሹራንስ - ምምሕዳር ሰምበል 1:30 ድ.ቀ
ኩባንያ ህንጻ ሰገን - ደንደን 3:30 ድ.ቀ
ዋንጫ ኣፍሪቃ ዙር 16
ሴኔጋል - ሱዳን 7:00 ድ.ቀ
ማሊ - ቱኒዝያ 10:00 ድ.ቀ
ፕሪመር ሊግ መበል 20 ሰሙን
ኣስቶን ቪላ - ኖቲንግሃም 3:30 ድ.ቀ
ብራይተን - በርንለይ 6:00 ድ.ቀ
ዎልቭስ - ዌስት ሃም 6:00 ድ.ቀ
ቦርንማውዝ - ኣርሰናል 8:30 ድ.ቀ
ላ'ሊጋ መበል 19 ሰሙን
እስፓኞል - ባርሰሎና 11:00 ድ.ቀ
ሰሪኣ መበል 18 ሰሙን
ኣታላንታ - ሮማ 10:45 ድ.ቀ

## መንግስቲ ጋቦን፡ ንሃገራዊት ጋንታኡ ኣደስኪሉ



መንግስቲ ጋቦን፡ ንሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ናይ'ታ ሃገር፡ ኣብ ዝኾነ ውድድር ንኸይትሳተፍ ከልኪላ እንከሎ፡ ንፒር ኤምሪክ ኣቡመያንግ ከኣ፡ ዳግማይ ንኸይምረጽ ኣገዲዎ - ድሕሪ ካብ ናይ ምድብ ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 ምትራፉም።

ኣብ ሻድሻይ ምድብ ተደላዲላ ዝነበረት ጋቦን፡ ኣብ ቀዳሞት ክልተ ግጥም ብኻሜሩንን ሞዛምቢክን ምስ ተሳዕረት ጥራይ፡ ካብ ምድባ ምውጽኣ ኣረጋጊጹ። ኣብ ሳልሳይ ጸወታ'ውን ብኣይቮሪኮስት 3-2 ተረቲዓ - ወላ'ኳ 2-0 መሪሓ እንተነበረት።

እዛ ጋንታ ዝርኣየቶ ብቕዓት 'ውርደት' ዝበሎ ሚኒስተር ስፖርት ናይ'ታ ሃገር ሰምፕሊስ-ዴዚረ ማምቦላ፡ "መንግስቲ፡ ንኣባላት ምስልጣን ከቢርም ክውሰን እንከሎ፡ ክሳብ ሓዲሽ ሓበሬታ ዝወጽእ ከኣ፡ እዛ ሃገራዊት ጋንታ ደሲኪላ ክትጸንሕ እያ" ኢሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ ናይዛ ሃገር፡ ንስሙይ ተጻዋታይ - ኦብመያንግ፡ ከምኡ'ውን ብዕድመ ምውጻል ኣብ ቅድሚት ዝርከብ ጉዳምን ሓለቓኣምን - ብሩኖ ማንጋ፡ ካብቲ ሃገራዊት ጋንታ ኣልዩዎም።

ኣብ ሳልሳይቲ ጸወታ ዘይነበረ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኣርሰናልን ቸልሲን - ኦብመያንግ፡ ጸገማት ናይዛ ጋንታ ኣዝዩ ዓቢ ምዃኑ ገሊጹ ነይሩ። እዚ ወዲ 36 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ሰለፉ ንዘጋጠሞ መጉዳእቲ ክሕከም ናብ ናይ ሕጂ ክለቡ ማርሴ ብምምራሑ፡ ኣብ ሳልሰይቲ ግጥም ኣይተሳተፈን።

## ኤሲ ሚላን፡ ንፉልክሩግ ኣፈሪማቶ

ኢጣልያዊት ክለብ ኤሲ ሚላን፡ ንኣጥቃዓይ ዌስት ሃም - ኒኮላስ ፉልክሩግ፡ ክሳብ ምዝዛም'ዚ ወቕቲ ብልቓሕ ከምዘፈረመቶ ትማሊ ወሚዓዊ ገይራ።

ኣብ ክረምቲ 2024 ካብ ቦሩሽያ ዶርትሞንድ ናብ ዌስት ሃም ዝተጸምበረ ፉልክሩግ፡ ኣብታ እንግሊዛዊት ክለብ፡ ዕውት ግዜ ከሕልፍ ኣይከኣለን። ኣብ 29 ዝተፈላለዩ ግጥማት፡ ሰለስተ ሸቶታት ጥራይ እዩ ኣመዝጊቡ።

ትማሊ ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከላ ኣብ ግጥማት ሰሪኣ ኣንጻር ካግሊያሪ ዝተጻወተት ኤሲ ሚላን ሕማቕ ግዜኡ ኣብ ከተማ ለንደን ጊዲፍዎ ብምምጻእ ጽቡቕ ኣበርክቶ ክገብረላ ተተስፍያ እያ ብልቓሕ ኣፈሪማቶ ዘላ - ንፉልክሩግ። ብበቕዓቱ እንተዓጊቡ ድማ፡ ብቐዋሚ ክተፈርሞ ዘኽእል ኣማራጺ ኣለዋ።

እዚ ወዲ 32 ዓመት ጀርመናዊ ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ ዓሌሚ ማሲሚሊያኖ ኣሌግሪ፡ ኣብ ሓዲሽ ሊግ ዳግማይ ክበራበር ተተስፍዩ ኣሎ። ፉልክሩግ ማልያ ቁጽሪ 9 ክለብስ እዩ።



## "ነዛ ክለብ ይፈትዋ እየ፣ እንተኾነ መብጽዓ ኣይኣትውን" ሮሰኒዮር



ስሙ ምስ ቸልሲ ተኣሳሲሩ ዝለዓል ዘሎ ዓሌሚ ስትራስቦርግ - ሊያም ሮሰኒየር፡ ወላ'ኳ ንዝለዓለ ዘሎ ከምዝፈትዋ እንተገለጸ ንዝኾነ ነገር ግን፡ መብጽዓ ከምዘይኣቱ ገሊጹ።

ዓርቢ ንኣሰልጣኒኣ ኢንዞ ማረስካ ዘፋነወት ቸልሲ፡ ብዙሓት ዓሌምቲ ሓጺያ ኣላ፣ ዝኢ መዘኑት ክሕዞ ልዑል ግምት ተዋሂብዎ ዘሎ ግን፡ ሮሰኒየር እዩ።

ንሱ፡ ትማሊ ኣብ ዝሃበሮ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ብዙሕ ይውረ ኣሎ። ከም ኣሰልጣኒ ኣብኡ እንተኣቲኻ ግን፡ ትሰናኸል ኢኻ። ኣነ ነዛ ጋንታ ይፈትዋ እየ። ኣብ ሂወት ግን፡ ዘርዮ ውሕስነት እዩ ዘሎ። ጽባሕ እንታይ ከምዝጋጥም ኣይንፈልጥን ኢና።" ክብል፡ ኣንፈቱ ርጉጽ ከምዘየለ ገሊጹ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## “ምስ ኣመሪካ ንምዝርራብ ድልዋት ኢና” ኒኮላስ ማዱሮ

ፕረዚደንት ቬንዙዌላ ኒኮላስ ማዱሮ፡ ሃገሩ ኣብ ምምሕዳር ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ ፋርስ ኣመልኪታ ምስ ኣመሪካ ክትዘራረብ ድልውቲ ምዃና፡ ኣብቲ ምስ መደበር ቴለቪዥን ሃገሩ ዘካየዶ ቃለ መሕትት ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ማዱሮ፡ ኣመሪካ ኣብ ዝደለየቶ ቦታን ግዜን፡ ብዛዕባ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ ፋርስ፡ ነዳድን ስደተኛታትን ኣመልኪታ ምስኡ ንክትዘራረብ ቅሩብ ምዃኖም ድማ ወሲኹ ገሊጹ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ ክልቲአን ሃገራት ጭብጢ ሓዘን ብዕቱብ ክዘራረባ ዝግብኦ ግዜ ከም ዝኣኸለ ከኣ ኣስሚሩሉ።



ኣመሪካ፡ ቬንዙዌላ ኣብ ምግታእ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ ፋርስ ኣተኩራ ብዕቱብ ክትዘራረብ ከም እትደሊ ኣፍልጦ ከም ዘለዋ ዝሓበረ ፕረዚደንት ማዱሮ፡ እንተኾነ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ተደጋጋሚ እገዳታትን ወተሃደራዊ ጸቕጥን ተጠቒማ ንዕቁር ነዳዲ ሃገሩ ክትቆጻጸር ከም እትደሊ ኣረዲኡ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣመሪካ ነዳዲ ሃገሩ ዘድልያ እንተ ኮይኑ፡ ኣብቲ ጽላት ወፍሪ ክተካይድ ከም እትኽእል ወሲኹ ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ፡ ምምሕዳር ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ቬንዙዌላ ዕጹ ፋርስ የሰጋግራ ከም ዘለዋ ዝገለጸን ከባቢ 35 ጃላባ ዘይሕጋዊ መጥቃዕትታት ከካይድ እንከሎ፡ ኣቕዲሙ እገዳ ዘንበረለን ካብን ናብን ቬንዙዌላ ነዳዲ ከብጽሓ ዝጸንሓ መራኽብ ከኣ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከም ዘውዓለ እዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ወጥሪ ቬንዙዌላን ኣመሪካን ድሕሪ እቲ ምምሕዳር ትራምፕ ኣብ ልዕሊ መዕሸጊ ጀላቡ እታ ሃገር ዘካየዶ ደብዳብ ነፈርቲ ዝያዳ ካልእ እዋን ከም ዝኸረረ እዩም ምንጭታት ዝሕብሩ።

እቲ ብኣመሪካ ዝተፈጸመ ደብዳብ፡ ኣብ መሬት ቬንዙዌላ ዝተኻየደ ናይ መጀመርያ መጥቃዕቲ ኮይኑ፡ ምምሕዳር ትራምፕ፡ እቲ መዕሸጊ ጀላቡ ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ዕጹ ፋርስ ንጥፈታቶም ንምክያድ ዝግልገልሉ ቦታ ምንባሩ እዩ ዝገልጽ።

## ኣብ ኣመሪካ ዓሚ ልዕሊ 40 ሽሕ ሰባት ብጥይት ተወቒዖም

ኣብዚ ካብ ንዝከየማ መዓልታት ኣቐጺራ ዘላ ዓመተ 2025፡ ኣብ ኣመሪካ ብውሕዱ 40 ሽሕ ሰባት ብጥይት ከም ዝተሃርሙ፡ ሓደ ንኸጸዊ መጥቃዕቲ ብረት ኣመልኪቱ ስታትስቲካዊ ሓበሬታ ዝሁብ ብሕታዊ ትካል ናይ’ታ ሃገር ገሊጹ።

ብመሰረት እቲ ዝወጸ ጸብጻብ፡ ካብ’ቶም ብጥይት ዝተሃርሙ ሰባት፡ እቶም ልዕሊ 14 ሽሕ ክቕተሉ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 26 ሽሕ ሰባት ከኣ ከቢድን ፈኲስን መጉዳእቲ በጺሕዎም።




እቲ ትካል ወሲኹ፡ ኣብ 2025፡ 11 ዓመትን ትሕቲኡን ዝዕድመኦም 224 ቈልዑ ብጥይት ተወቒዖም ክቕተሉ እንከለው፡ ካልኦት ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ዝርከቡ 461 ቈልዑ ከኣ መጉዳእቲ ከም ዝበጽሖም ኣሕፊሩ።

ብዘይካ እቶም ዝተገልጹ 40 ሽሕ ብጠበንጃ ዝተሃርሙ ሰባት፡ ካልኦት 24 ሽሕ ሰባት እውን ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት ብረት ተጠቒሞም ነፍሰ ቅትለት ከም ዝፈጸሙ፡ እቲ ትካል ወሲኹ ኣረዲኡ።

ኣብ ኣመሪካ፡ ካብ 2021 ንደሓር፡ ንኣርባዕተ ተኸታተልቲ ዓመታት ምስ ብረት ዝተተሓሓዘ መጠን ሞትን መቑሰልትትን ከም ዝወረደ ጸብጻባት ናይ’ታ ሃገር የመልክቱ።

## ጋምብያ - ጃልባ ብምጥሓላ ብዙሓት ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ

ኣብ ገምገም ባሕሪ ጋምብያ ኣብ ዝርከብ ልሙድ መስመር ስደተኛታት፡ ሓንቲ ልዕሊ 200 ሰባት ዝጸዓነት ጃልባ ብምግልባጣ፡ ብውሕዱ 7 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ድማ ደሃዮም ጠፊኡ ከም ዘሎ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይ’ታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ሓይሊ ባሕሪ ናይ’ታ ሃገር ብዘካየዶ ቅልጡፍ ስርሒት ህይወት ኣድሒኑ መብዛሕትኦም ከቢድ መጉዳእቲ ከም ዝወረዶም ዝገለጾም ብውሕዱ 96 ሰባት ከም ዝደሓኑ ገሊጹ።

ጋምብያ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ እትርከብ፡ ስደተኛታት ናብ ስጳኛ ንምብጻሕ ከም መሰጋገሪ ዝጥቀሙላ ሃገር እያ።

ብመሰረት ጸብጻብ ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብ 2024 ልዕሊ 46 ሽሕ ስደተኛታት በቲ መስመር ኣቢሎም ናብ ስጳኛ ክኣትዉ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 10 ሽሕ ሰባት ከኣ ዕጫ ሞት ኣጋጢምዎም።



## ሆንግ ኮንግ - ምስቲ ዘጋጠመ ባርዕ ብዝተኣሳሰር ጥርጡራት ተታሒዞም

ቤት ጽሕፈት ጸረ ብልሽውና ከተማ ሆንግ ኮንግ - ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ምስቲ ዝሓለፈ 26 ሕዳር ኣብ ሸውዓተ ሰማይ ጠቀስ መንበሪ ኣባይቲ ዘጋጠመ ልዕሊ 160 ሰባት ዝቐዘፈ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ ምትሕሓዝ ከም ዘለዎም ዝገለጾም፡ ኣብ ምሕዳስ ህንጻታት ዝጦቶ 21 ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘውዓለ ኣፍሊጡ።

እቲ ቤት ጽሕፈት ወሲኹ፡ ገለ ካብ’ቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ዘለዉ ጥርጡራት፡ ደላሎ፡ ኣማኸርቲ ፕሮጀክት፡ ኮንትራክተራትን ወሃብቲ ኣብ ምሻጥ መንበሪ ኣባይቲ ዝጦቶ ኩባንያታትን ከም ዝርከብዎም ኣሕፊሩ ኣሎ።

ንጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ባርዕ ዝመርመሩ ኣባላት ፖሊስ፡ ኣብ ምሕዳስ እቶም ህንጻታት ዝወዓለ ዘይብቑዕ ናይ ህንጻ ንብረት፡ ኣብ ምልዓዕ እቲ ባርዕ ኣበርክቶ ከም ዝበሮ እዮም ዘረድኡ።

እቲ ኣብ ሸውዓተ ካብ’ቶም ንኽብሪ ዋጋ መንበሪ ኣባይቲ ናይ’ታ ከተማ ንምቕላል ተባሂሎም ዝተሃንጹ 8 ሰማይ ጠቀስ መንበሪ ኣባይቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ባርዑ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንኽውዕል ክልተ መዓልታት ከም ዝወሰደሉ ይዝከር።



## ኣፍጋኒስታን - ብዕልቕልቕ 17 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኣፍጋኒስታን ዝዘነበ ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ሃንደበታዊ ሓደጋ ዕልቕልቕ፡ ብውሕዱ 17 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት 11 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰብ መዚ ናይ’ታ ሃገር ሓቢሮም።

ኣብ ማእከላይ፡ ሰሜናዊ፡ ደቡባውን ምዕራባውን ክፋል ኣፍጋኒስታን ዝርአ ዘሎ ሕማቕ ኩነታት ኣየርን ብርቱዕ ዝናብ ዘስዓቦ ዕልቕልቕን፡ ነበርቲ ናይ’ተን ከባቢታት ዕለታዊ መነባብሮኦም ንኸየካይዱ ኣሸጊርዎም ከም ዘሎ፡ ኣፈኛ ብዓል መዚ ሃገራዊ ምሕደራ ሓደጋ ኣፍጋኒስታን መሓመድ የሱፍ ገሊጹ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ እቲ ዕልቕልቕ ኣብ ትሕተ ቅርጻን ጥሪትን ከቢድ ዕንወት ከም ዘውረደ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ንኹነታት እቲ ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ዝርከብ ድሮ ኣብ ተኣፋፊ ኩነታት ዘሎ ማሕበረ ሰብ ናይ’ታ ሃገር መሊሱ ከም ዘጋደዶ ኣረዲኡ።

ኣፍጋኒስታን፡ ከም ፓኪስታንን ህንድን ዝኣመሰላ ጎረባብታ ሃገራት፡ ብፍላይ ድሕሪ ወቕታዊ ዝናብ ሞንሱን፡ ከም ሃንደበታዊ ዕልቕልቕ ንዝኣመሰሉ ጸንከር ኩነታት ኣየር ዝተቓልዓት ሃገር ምዃና እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ኣብ ኣፍጋኒስታን ንዓሰርተታት ዓመታት ዝቐጸለ ግጭት፡ ድኽም ትሕተ ቅርጺ፡ ምብራስ ኣግራብን ክሊማዊ ለውጥን ንጽልዋ ባህርያውያን ሓደጋታት፡ ብፍላይ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ናይ’ታ ሃገር ዝያዳ ካልእ ከበቢታት ኣጉሊሕዎ ከም ዝርከብ እዮም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ 2026፡ ኣፍጋኒስታን ሓንቲ ካብ’ተን ዝዓበየ ሰብኣዊ ቀልውላዋት ኪጋጥመን ዝኽእላ ሃገራት ክትከውን ተኽእሎታት ከም ዘሎ እዩ ዘጠንቀቐ።

